# መተሓዳደሪ ደንቢ
# ፓርቲ ብልፅግና (ብልፅግና)

ብቐዳማይ ጉባኤ ፓርቲ ብልፅግና ዝፀደቐ

መጋቢት 2014 ዓ/ም
ኣዲስ ኣበባ

# ትሕዝቶ

መእተዊ ....................................................................................................4

## ምዕራፍ ሓደ

I. ጠቕላላ ድንጋገታት ...........................................................................................5
ዓንቀጽ ሓደ - ሓጺር ርእሲ ................................................................ 5
ዓንቀጽ ኽልተ - ስያመ እቲ ፓርቲ .........................................................................5
ዓንቀጽ ሰለስተ - ኣርማ እቲ ፓርቲ ........................................................................5
ዓንቀጽ ኣርባዕተ - ቋንቋታት ስራሕ እቲ ፓርቲ .....................................................6
ዓንቀጽ ሓሙሽተ - ልሳን እቲ ፓርቲ ..................................................................7
ዓንቀጽ ሽዱሽተ - ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ .........................................................7
ዓንቀጽ ሸውዓተ - ዕላማታት፣ መትከላትን፣ ክብርታትን ስርዓታት ኣሰራርሓን እቲ ፓርቲ ..............................................7
ዓንቀጽ ሸሞንተ - መትከላትን ስርዓታት ኣሰራርሓን መረጻ እቲ ፓርቲ ...12

## ምዕራፍ ኽልተ

II.ኣባልነት ..................................................................................................13
ዓንቀጽ ትሽዓተ - ኣባል እቲ ፓርቲ ብዛዕባ ምዃን ..................................13
ዓንቀጽ ዓሰርተ - ንኣባልነት ዝቐርብ ሕቶ ..........................................14
ዓንቀጽ ዓሰርተ ሓደ - መሰል ኣባል ..................................................... 15
ዓንቀጽ ዓሰርተ ኽልተ - ግቡእ ኣባል ......................................................16
ዓንቀጽ ዓሰርተ ሰለስተ - ኣብ ልዕሊ ኣባላት ብዛዕባ ዝውሰዱ ስጉምትታት ጥሕሰት ዲስፕሊን .........................17

## ምዕራፍ ሰለስተ

III. መሓውርን ውዳበን እቲ ፓርቲ ........................................................19
ዓንቀጽ ዓሰርተ ኣርባዕተ - መሓውርን ኣካላት ኣመራርሓን እቲ ፓርቲ ...19
ዓንቀጽ ዓሰርተ ሓሙሽተ - ኣወቓቕራ ጉባኤ እቲ ፓርቲ፣ ኮንፈረንስታት ክልል፣ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን፣ ዞባ፣ ከተማ፣ ወረዳን ቀበሌን ........................................................20
ዓንቀጽ ዓሰርተ ሽዱሽተ - ጉባኤ እቲ ፓርቲ ..........................................20
ዓንቀጽ ዓሰርተ ሸውዓተ - ተግባርን ሓላፍነትን ጉባኤ እቲ ፓርቲ ......... 22
ዓንቀጽ ዓሰርተ ሸሞንተ - ማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ....................... 23
ዓንቀጽ ዓሰርተ ትሽዓተ - ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርቲ .................. 25
ዓንቀጽ ዒስራ - ሓባራዊ መድረኽ ኣመራርሓታት ፓርቲ ፌዴራልን ክልልን .........................................................................27

ዓንቀጽ ዒስራን ሓደን - ፕሬዝዳንት እቲ ፓርቲ ..................................28
ዓንቀጽ ዒስራን ኽልተን - ምክትል ፕሬዝዳንትታት እቲ ፓርቲ ..............28
ዓንቀጽ ዒስራን ሰለስተን - ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን እቲ ፓርቲ ..........................................................................29
ዓንቀጽ ዒስራን ኣርባዕተን - ዋና ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ ..................32

## ምዕራፍ ኣርባዕተ

IV.ክልላዊ ውዳበ እቲ ፓርቲ ......................................................... 35
ዓንቀጽ ዒስራን ሓሙሽተን - ውዳበን መሓውርን ፓርቲ ......................35
ዓንቀጽ ዒስራን ሽዱሽተን - ስርዓት ኣሰራርሓ ኮንፈረንስ ፓርቲ ክልላት፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ድሬዳዋን ትካላት ፌዴራልን ...................36
ዓንቀጽ ዒስራን ሸውዓተን - ተግባርን ሓላፍነትን ኮንፈረንስ ፓርቲ ........37
ዓንቀጽ ዒስራን ሸሞንተን - ኣታሓባባሪ ኮሚቴ ክልላት፣ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ኸምኡ'ውን ትካላት ፌዴራል እቲ ፓርቲ ..........38
ዓንቀጽ ዒስራን ትሻዓተን - በቢብርኩ ዝርከቡ ኣብያተ ጽሕፈት ፓርቲ.....39
ዓንቀጽ ሳላሳ - ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ፓርቲ ብልጽግና ............................ 40
ዓንቀጽ ሳላሳን ሓደን - ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ብልጽግና ........................41

## ምዕራፍ ሓሙሽተ

V. ፍሉያት ድንጋገታት ....................................................................... 44
ዓንቀጽ ሳላሳን ኽልተን - ዘመን ስልጣን ..............................................44
ዓንቀጽ ሳላሳን ሰለስተን - ፍልፍላት ፋይናንስ እቲ ፓርቲ .......................44
ዓንቀጽ ሳላሳን ኣርባዕተን - ስርዓት ኣሰራርሓ ሓይሊ ሰብ፣ ንብረት፣ ፋይናንስን መዛገብቲ ሕሳብን እቲ ፓርቲ ..................44
ዓንቀጽ ሳላሳን ሓሙሽተን - ኣብ ውሽጢ እቲ ፓርቲ ዝፍጠሩ ዘይምቅድዳዋት ዝፍትሕሉ ስርዓት ......................................................45
ዓንቀጽ ሳላሳን ሽዱሽተን - ስርዓት ምፍጣር ውህደት፣ ቅንጅት ወይድማ ግንባር እቲ ፓርቲ ....................................................45
ዓንቀጽ ሳላሳን ሸውዓተን - ምፍራስ እቲ ፓርቲ ................................ 46
ዓንቀጽ ሳላሳን ሸሞንተን - ኣማኻሪ ጉባኤ መማኸርቲ (Think tank) እቲ ፓርቲ ......................................................................... 46
ዓንቀጽ ሳላሳን ትሻዓተን - ልዕልና መተሓዳደሪ ደንቢ እቲ ፓርቲ ..........47
ዓንቀጽ ኣርባዓ - መምርሒ ናይ ምውጻእ ስልጣን ................................47
ዓንቀጽ ኣርባዓን ሓደን - ብዛዕባ ምምሕያሽ፣ ምቕያርን ምስራዝን እቲ መተሓዳደሪ ደንቢ ......................................................47
ዓንቀጽ ኣርባዓን ኽልተን - ብዛዕባ እቲ መተሓዳደሪ ደንቢ ዝጸንዐሉ ኹነታት ..................................................................48

# መእተዊ

ንሕና ኣባላት ፓርቲ ብልጽግና ዕብየትን ናይ ሓባር ብልጽግናን ሃገርና ኢትዮጵያ ግሁድ ንምግባር ብምልዓል::

ሃገርና ናብ ዝቕጽል ምዕራፍ ንምሽግጋር ሓዱሽ ራእይን ሓዱሽ ተረኽን ኸምዘድሊ በምእማን::

ልዕልና ሕግን ዴሞክራስን ዝሰፈና፤ መሰላት ውልቀሰብን ጉጅለን በሚዛኑ ዝኽበሩላ፤ ዜጋታት ካብ ድኽነት ተላቒቖም ብብልጽግና ዝነብሩላ፤ ጽኑዕን ቐጻልን ዕብየት ኢኮኖሚ ዝረኣየላ፤ ኣብ ቐጠናዊ፣ ኣህጉራውን ዓለምለኻውን መድረኽ ርኡይ ግደ እትጫወት ኢትዮጵያ ንምርኣይ ብዘለና ተስፋ::

ዝበልጸገት፣ ሕብረ-ብሄራዊ መንነታ ዝጎልበተን ሓድነታ ዝጠንከረን ኢትዮጵያ ግሁድ ንምግባር ብዘለና ቑርጸኝነት::

እዚ ንምትግባር በኣታሓሳስባ ምድማርን ብቕኒት ሓድነትን ብምልዓል፣ ክንሪኣ እንብህጋ ኢትዮጵያ ንምህናጽ ናይ ሕድሕድና ርብርብ ዝሓትት ምኻኑ ብምርዳእ፤ ናይ እጃምና ንምውፋይ ብልዑል ቐራጽነት ተኣኻኺብና ምቅላስ ስለዘድለየ::

ፓርቲ ብልፅግና (ብልፅግና) ዝምረሐሉ መተሓዳደሪ ደንቢ ምቕራጽ ኣድላይ ኾይኑ ብምርካቡ፤ እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ብኣዋጅ ምርጫ፣ ምዝገባ ፓርቲታት ፖለቲካን ስነ-ምግባር ምርጫን ኢትዮጵያ ቑጽሪ 1162/2011 ዝተደንገጉ ሕግታት ዘኽብር ሰነድ ፓርቲ ብልፅግና (ብልፅግና) ኣብ ቐዳማይ ጉባኤና መኺርና ሕጋዊ ሰነድ ፓርትና ክኾን ገይርና ኣጽዲቕና ኣለና፡፡

# ምዕራፍ ሓደ

## I. ጠቕላላ ድንጋገታት

### ዓንቀጽ ሓደ - ሓጺር ርእሲ

እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ "መተሓዳደሪ ደንቢ ፓርቲ ብልፅግና (ብልፅግና)" ተባሂሉ ክጥቀስ ይኽእል።

### ዓንቀጽ ኽልተ - ስያመ እቲ ፓርቲ

ስያመ እቲ ፓርቲ "ፓርቲ ብልፅግና (ብልፅግና)" እዩ።

### ዓንቀጽ ሰለስተ - ኣርማ እቲ ፓርቲ

1. *ቀለምን ኣቀማምጣን እቲ ኣርማ*

   ኣብ እግሪ ክቢ ጻዕዳ መደብ ጸሊም ሕብሪ ዘለዎም ንምሑቓፍ ዝተዳለዉ ምስሊ ኽልተ ኣእዳው ሰብ ዘለዎ እንትኾን፣ ኣብ ማእኸል እቲ ንምሑቓፍ ዝተዳለዉ ምስሊ ኣእዳው ሰብ ዝተፈላለዩ ቀለማት ዘለዎም ሰለስተ ሰባት ይርከብዎ። ካብዚ ብተወሳኺ ካብ ውሽጢ ናብ ደገ ዝውርወሩ ቢጫ ቀለማት ዘለዎም ጨረራት ብርሃን ኣብ ውሽጡ ኣካቲቱ ይርከብ።

2. ጥቕሉል ትርጉም

   እቲ ኣርማ ሕብረ-ብሄራዊነት ሃገርና፣ ሃገራዊ ሓድነት፣ ብሄራዊ ኹርዓት፣ ሰላም፣ ዴሞክራስን ኣተሓሳስባ ብልጽግናን ዝሓዘ ኾይኑ ካብ ውሽጢ ናብ ደገ እናሰፈሐ ዝኸድ ቐጠናዊ፣ ኣህጉራውን ዓለምለኻውን ምትእስሳር ዘመልክት እዩ።

3. ዝርዝር ትርጉም

*ሀ) ኢድ፦-*

ኣብ ትሕቲ እቲ ኣርማ (ሎጎ) ዝተቐመጠ ምስሊ ኢድ ሰብ ብልጽግና ንኹሉ ዝሓቁፍን ኣካታትን ምኳኑ ዝውክል እንትኾን

እቲ ቀለም ጸሊም ዝኾነሉ ምኽንያት ድማ ኢትዮጵያውያን ተምሳል ነጻነትን ዓወት ጸለምቲ ህዝብታትን ምዃንና ዝውክል እዩ፡፡

ለ) ምስሊ ሰባት፡-

ብልጽግና ትኹረቱ ኣብ ሰብ ዝገበረ ፓርቲ ምዃኑ ዝውክል ኾይኑ እቲ ፓርቲ ንደቅሰባት ኹለንተናዊ ብልጽግና ዝቃለስ ምዃኑ ይውክል፡፡ ቀለማት እቶም ሰባት ሰማያዊ፣ ቢጫን ሮዝን ኾይኑ ዝተፈላላየ ምዃኑ ብዝሓነት ኢትዮጵያ ንከርእይን ብዝሓነትና ምልክት ጽባቐናን ጠንካራ ሓድነትናን ኾይኑ ተወኪሉ ኣሎ፡፡

ሐ) ዋግዋጎ፡-

ኣብ ላዕሊ እቲ ኣርማ ዝተቐመጡ ጨረር ብርሃን ዋግዋጎ ዝውክሉ ኾይኖም ባና ንጸልማት ሰንጢቑ ዝመጽእ ብርሃን ኽምምዃኑ መጠን ብልጽግና ኢትዮጵያ ናብ ዝላዓለ ብርክን ዘመነ ብርሃንን ንምሽግጋር ዝቃለስ ፓርቲ ምዃኑ ዝውክል እዩ፡፡

## *ዓንቀጽ ኣርባዕተ - ቋንቋታት ስራሕ እቲ ፓርቲ*

1. ዋና ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ ኣዲስ ኣበባ/ፊንፊኔ ይኸውን፡፡
2. ኣብዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ዝተደንገገ ኽምዘሎ ኾይኑ እቲ ፓርቲ ብክልል፣ ብከተማ ብኣዲስ ኣበባን ብምምሕዳር ድሬዳዋን፣ ብምምሕዳር ከተማ/ብዞባ/ ብፋሉይ ወረዳ/ብብርኪ ዞባ ዘለዉ ክፍላተ ከተማ፤ ብወረዳ/ብብርኪ ወረዳ ዘለዉ ከተማታት/ብብርኪ ወረዳ ዘለዉ ክፍላተ ከተማ/ቀበሌታትን ብቀበሌን ኣብያተ ጽሕፈት ይህልዉዎ፡፡
3. ከከም ኣድላይነቱ ካብ ሃገር ወጻኢ ኣብያተ ጽሕፈት ከጣይሽ ይኽእል፡፡

## ዓንቀጽ ሓሙሽተ - ልሳን እቲ ፓርቲ

1. ልሳን እቲ ፓርቲ “ብልፅግና” እዩ፡፡
2. ልሳን እቲ ፓርቲ ብቋንቋታት ስራሕ እቲ ፓርቲ ዝዳለ ብዝሓ-ልሳን እዩ፡፡
3. ናይዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (2) ኸምዘሎ ኾይኑ ብኻልኦት ናይ ውሽጢ ሃገርን ናይ ወጻእን ቋንቋታት ክዳለ ይኽእል፡፡

## ዓንቀጽ ሽዱሽተ - ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ

1. ዋና ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ ኣዲስ ኣበባ/ፊንፊኔ ይኸውን፡፡
2. ኣብዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ዝተደንገገ ኸምዘሎ ኾይኑ እቲ ፓርቲ ብክልል፣ ብከተማ ብኣዲስ ኣበባን ብምምሕዳር ድሬዳዋን፣ ብምምሕዳር ከተማ/ብዞባ/ ብፉሉይ ወረዳ/ብብርኪ ዞባ ዘለዉ ክፍላተ ከተማ፤ ብወረዳ/ብብርኪ ወረዳ ዘለዉ ከተማታት/ብብርኪ ወረዳ ዘለዉ ክፍላተ ከተማ/ቀበሌታትን ብቀበሌን ኣብያተ ጽሕፈት ይህልዉ፦፡፡
3. ከከም ኣድላይነቱ ካብ ሃገር ወጻኢ ኣብያተ ጽሕፈት ከጣይሽ ይኽእል፡፡

## ዓንቀጽ ሸውዓተ- ዕላማታት፣ መትከላት፣ ክብርታትን ስርዓት ኣሰራርሓን እቲ ፓርቲ

1. ዕላማታት እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፤
   ሀ) ምህናጽ ጽኑዕ፣ ዴሞክራሲያዊ፣ ቕቡልነት ዘለዎ፣ ዘላቒ ሃገረ-መንግስትን ሕብረ-ብሄራዊ ሓድነትን፤
   ለ) ምህናጽ ልምዓትን ፍትሓዊ ተረባሕነትን ዘረጋግጽ ሓቛፊ ስርዓት ኢኮኖሚ፤
   ሐ) ምርግጋጽ ኹለንተናዊ ብልጽግና ዘስፍን ማሕበራዊ ልምዓት፤

መ) ምክያድ ሃገራዊ ኽብርን ጥቕምን ማእኸል ዝገበረ ርክብ ወጻኢ፤

2. መትከላት እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፤
   ሀ) ህዝባውነት፣
   ለ) ዴሞክራሲያዊነት፣
   ሐ) ልዕልና ሕጊ፣
   መ) ልምዓትን ፍትሓዊ ተረባሕነትን፣
   ሠ) ኽዉን ሓቂ፣
   ረ) ሃገራዊ ሓድነትን ሕብረ-ብሄራዊነትን፡፡

3. ኽብርታት እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፤
   ሀ) ኽብሪ ዜጋታትን ህዝብታትን፣
   ለ) ነጻነት፣
   ሐ) ፍትሒ፣
   መ) ሕብረ-ብሄራዊ ሕዉነትን ሓፍትነትን፣
   ሠ) ምክብባርን ምክእኣልን፣
   ረ) ሕብረ-ብሄራዊ ሓድነት፣
   ሰ) ኣሳታፍነት፣
   ሸ) ግልጽነትን ተሓታትነትን፡፡

4. መትከላት መስርሕ እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ እዮም፤
   ሀ) እቲ ፓርቲ ሃገራውን ክልላውን ሕግጋተ-መንግስትን ኻልኦት ሕግጋትን ብምኽባር ተግባራቱ ይኸውን፤
   ለ) ኣባላት እቲ ፓርቲ በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) እስካብ (3) ዝተደንገጉ ድንጋገታት ናይ ምፍጻም፣ ምኽባርን ክኽበሩ ናይ ምግባርን ሓላፍነት ኣለዎም፤
   ሐ) ኣባላት ናይ ውልቀ ሓሳባቶም ናይ ምስጓም መሰሎም ሕሉው ኾይኑ ውሳነ እቲ ፓርቲ
   ናይ ምፍጻምን ክፍጸም ናይ ምግባርን ሓላፍነትን ግቡእን ኣለዎም፤

መ) ዝኾነ ይኹን ኣባል ኣብ ውሽጢ እቲ ፓርቲ ማዕረ ድምጽን ኣብ ኽይድታት ውሳነ ሓደ ድምጺ ጥራሕ ይህልዎ፤

ሠ) ውሳነ ፓርቲ በቢደረጅኡ ዴሞክራሲያዊ ዘተ ምስተገበረሉን ሓባራዊ ግንዛበ ምስተትሓዘሉን ብዝተሓባበረ ድምጺ ንክዉሰን ጻዕሪ ይግበር፤

ረ) ኣብ ልዕሊ ብዝተሓባበረ ድምጺ ክጸድቁ ዘይኻኣሉ ጉዳያት ውሳነ ዝመሓላለፍ ብኣብዝሓ ድምጺ ይኸውን። ተፈጻምነቱ'ውን በዝወሰኖ ኣካልን ብትሕቲኡ ብዘሎ መሓውርን ይኸውን፤

ሰ) ብኻሊእ መዳይ በዚ ደንቢ ዝተደንገገ እንተዘይኾይኑ ውሳነ ፓርቲ ዝሓልፍ ብኣብዝሓ ብልጫ እዩ። ዝተውሃበ ድምጺ ንኽልተ ማዕረ ዝተኸፈለ እንተኾይኑ ኣካቢ ዘለዎ ወገን ድምጺ ሰዓራይ ይኸውን፤

ሸ) ኣብዚ ደንቢ ብፉሉይ ዝተደንገገ እንተዘይኾይኑ ዝኾነ ይኹን መሓውር እቲ ፓርቲ ምልኣተ-ጉባኤ ተማሊኡ እዩ ዝባሃል ካብ ሓፈሻዊ ቑጽሪ እቲ ጉባኤ ውይድማ ኣኼባ 50%+1ን ካብኡ ብላዕልን እንትርከብ እዩ፤

ቀ) ኣብ ኹሎም ኣኼባታት ብፍላይ ድማ ኣብ ህጹጽ ኣኼባታት ኹሎም ዝምልከቶም ኣባላት ናይ ምርካብ ግቡእ ኣለዎም። ኾነ ኢሉ ምልኣተ-ጉባኤ ንከይማላእ ምግባር ዝተኸልከለ እዩ። ምልኣተ-ጉባኤ ንከይማላእ ዝገበረ ብጥፍኣት ዲሲፕሊን ይሕተት፤

በ) ኣብ ዝኾነ ብርኪ ኣብ ዝተወሰነ ውሳነ ካብ ኣባላት እቲ ኣኼባ ሲሶ ዝኾን ኽምብሓዱሽ ንክረአ ሕቶ እንተልዒሉ፤ እቲ ሕቶ ንዘተ ክፍቲ ኾይኑ ኽምብሓዱሽ ውሳነ ይወሃቦ፤

ተ) ኣብ ሓደ መድረኽ ዝተወሰነ ውሳነ ዳግም ንክረአ ሕቶ ቐሪቡሉ እቲ ውሳነ ኽምብሓዱሽ ኣብቲ መድረኽ ተቐባልነት እንተዘይረኺቡ ሐዚ'ውን ደጊሙ ንክረአ ሕቶ ኣይቐርብን። ኣብቲ ጉዳይ ተወሳኺ ሕቶ ምቕራብ ዝካኣል ብተግባር እናፈጸሙ ብኽይዲ ብዝኽፈት ጉባኤ (ኮንፈረንስ) ወይድማ ናይ ጽሑፍ ፊርማ ብምትእኽኻብ ጥራሕ ይኸውን፤

ቸ) ኸምብሓዱሽ ይረአየልና ዝብል ሕቶ እንትቐርብ እቲ ዝወሰነ ኣካል ኣብ ጉባኤ እንተኾይኑ ብቃል ወይድማ ብጽሑፍ ሕቶ ቐሪቡ እቲ ጉዳይ ኣብ ላዕሊ ብዝተቐመጠ መሰረት ይረአ። እቲ ወሳናይ ኣካል እቲ ጉባኤ/ኣኼባ ሙሉእ ብምሉእ ምስተበተነ ግን እቲ ሕቶ ክቐርብ ዝኽእል ብጽሑፍ ጥራሕ ይኸውን፤

ኀ) ኣቕራቢ እቲ ሕቶ እቲ ይግባእ ዝብሎ ጉዳይ ብጽሑፍ ኣዳልዩ ንሰብሳቢ የቕርብ። ሰብሳቢ ነቲ ይግባኣኒ ናብ ዝምልከቶም ኣባላት ኹሎም ኣብ ውሽጢ ሓጺር ግዜ ብምስርጫው ነቲ ይግባኣኒ ዝድግፉ ኹሎም ንክፍርሙ ይገብር። ካብ ዝምልከቶም ኣባላት ውሽጢ ሲሶ እንተፈሪሞም እቲ ጉዳይ ኣብ ዝቕጽል መደበኛ ወይም ህጹጽ ኣኼባ ክርአ ይግበር፤

ነ) ኹሉም ኣሰራርሓ እቲ ፓርቲ ኣብ ግልጸኝነትን ዴሞክራሲያዊነትን ዝተመስረቱ ይኾኑ፤

ኘ) ብላዕለዋይ ኣካላት ኣመራርሓ እቲ ፓርቲ ዝውሰኑን ኣብ ልዕሊ ሃገርን ህዝብታታን ርኡይ ጽዕንቶ ዘዐርፉን መርገጽታትን ውሳነታትን ኹሎም እቲ ውሳነ ብዘመሓላለፈ ኣካል ብምሽጥር ተሓልዩ ንክጸንሕ ዝተወሰነ እንተዘይኾይኑ ምስ ኣድላይ መብራህርሂ ሓቢሩ ከከምኣድላይነቱ ንኣባላትን ህዝብን ይግለጹ፤

ኣ) ብጉባኤታት፣ ኮንፈረንስታትን ኣኼባታትን ዝመሓላለፉ ውሳነታትን ኣንፈታትን ብቃለ ጉባኤ ተታሒዞም፣ ጸዲቖም ይቕመጡ፤

ከ) ብፍሉይ ኹነታት ብምሽጥር ተሓልዮም ክጸንሑ ዝኽእሉ ጉዳያት ፓርቲ ዝፍለይሉ ኣሰራርሓ ይዝርጋሕ፤

ኸ) በቢደረጃኡ ዝርከቡ ኣካላት ኣመራርሓ ፓርቲ ንዝወሰንዎም ውሳነታት በውልቀን ብሓባርን ብሙሉእ ሓላፍነት ይወስዱ፤ ብተወሳኺ ሓላፍነት ዘይምውጻእ ወይድማ ካብ ዝተውሃበካ ሓላፍነት ወጻኢ ምዉፋር ተሓታትነት የኸትል፤

ወ) ተሓታትነት ከከምኹነታቱ ብመተሓዳደሪ ደንቢ ወይድማ ብመሰረት ሕግታት ሃገር ፖለቲካዊ፣ ምምሕዳራዊ ወይድማ ሕጋዊ ስጉምትታት የውስድ፤

ዐ) በቢብርኩ ዝርከቡ ኣካላት እቲ ፓርቲ ምንቅስቓስ ስርሖም ዘርኢ ዝርዝር ትልምን ሪፖርትን በግዚኡ ናይ ምቕራብ ሓላፍነት ኣለዎም፤ ላዕለዎት ኣካላት'ውን ወቕታዊ ግብረመልሲ ይህቡ፤

ዘ) ኣባላትን መሓውርን ኣፈጻጽማ ስርሖም ዝምዘነሉን ነኒባዕሎም ዝማሃሃርሉን መደበኛ ግዜያት ምይይጥ ይህልዎም፤

ዠ) እቲ ፓርቲ ኣባላቱን ኣመራርሕኡን ማሓውሩን ንዘርአይዎ ክብ ዝበለ ኣፈጻጽማ ኣፍልጦን ሽልማትን ዝህበሉ ስርዓት ኣሰራርሓ ይኽተል፤

የ) እቲ ፓርቲ ብኹሎም ብርክታት፣ ውዳበታት መናእሰያትን ደቂ-ኣንስትዮን ናይ ምስታፍን ምብቃዕን ኣንፈትን ኣሰራርሓን ይኽተል፤

ደ) እቲ ፓርቲ ምስ ኻልኦት ውድባት ፖለቲካ ዝህልዎ ርክብ ብብርኪ ሃገር ንዘለዉ በማእኸላውነት ዝወሰን ኾይኑ ከከምኣድላይነቱ ካብኡ ንታሕቲ ብዘለዉ ውዳበታት ፓርቲ ተፈጻሚ ክኾን ይኽእል፤

ጀ) ኣባላትን ውዳበታትን እቲ ፓርቲ ኾይኖም ፍሉይ ድጋፍ ዝጠልቡን ውሑድ ቑጽሪ ዘለዎምን ክፍልታት ሕብረተሰብ በቢብርኩ ግቡእ ውክልና ንክረኽቡ ተረባሕቲ ኣውንታዊ-ስጉምቲ ክኾኑ ይግበር፡፡ ዝርዝር መምርሒ ብማእኸላይ ኮሚቴ ዝወጽእ ይኸውን፤

ገ) ዕላማታት፣ ፕሮግራማትን ትልምታትን እቲ ፓርቲ ተግባራዊ ዝኾኑ ብዋና ቤት ጽሕፈት፣ ብክልል፣ ብምምሕዳር ከተማን በቢብርኩ ብዘለዉ ኣብያተ ጽሕፈት ፓርቲ፣ ውድበታት ፓርትን ኣብ ወጻኢ ሃገራት ብዝህልዉ መሓዉራት ፓርትን ኣቢሉ ይኸውን፤

ጠ) ኣብ ልዕሊ ብኣባላትን ሕጹይ ኣባላትን ዝፍጸሙ ጥፍኣታት ዝውሰዱ ስጉምትታት ዲሲፕሊን ስነ-ምግባር እቲ ፓርቲ ንምጉልባት፣ ስሕታትን ጉድለታትን ንምእራምን ጽርየትን ጥንካረን እቲ ፓርቲ ንምሕላውን ዘገልግል ክኸውን ይግባእ፡፡

## ዓንቀጽ ሸሞንተ - መትከላትን ስርዓታት ኣሰራርሓን መረጻ እቲ ፓርቲ

1. መረጻ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ፣ ኣባላት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ፣ ፕሬዝዳንት፣ ምክትል ፕሬዝዳንትታትን ሰብሳቢ ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን፣ ምክትል ሰብሳብን ጸሓፍን ነጻን ፍትሓውን ብዝኾነ ኹነታት ብምሽጥር ብዝዋሃብ ድምጺ ይምረጹ፡፡
2. ኣብ ውሽጢ እቲ ፓርቲ ንቦታታት ሓላፍነት ዝግበሩ መረጻታት ተዋጽኦ ጾታ ዝሓለዉ ክኾኑ ይግባእ፡፡
3. ዝኾነ ይኹን ኣባል በዚ ደንቢ ዓንቀጽ 18 ንኡስ ዓንቀጽ (8)(ሠ) ብዝወጸ ስርዓት ኣሰራርሓ መረጻ ፓርቲ መሰረት ብደረጃ ሃገር ዝካየዱ ጠቕላላ፣ ኽባቢያዊ፣ መማልእን ዳግማይ-መረጻታትን ነቲ ፓርቲ ወኪሉ ናይ ምውድዳር መሰል ኣለዎ፡፡

# ምዕራፍ ኽልተ

## II. ኣባልነት

### *ዓንቀጽ ትሸዓተ - ኣባል እቲ ፓርቲ ብዛዕባ ምዃን*

1. ካብዚ ንታሕቲ ዝተቐመጡ መዐቀንታት ዘማልእ ዝኾነ ይኹን ኢትዮጵያዊ ዜጋ ኣባል እቲ ፓርቲ ምዃን ይኽእል።
   ሀ) ፕሮግራምን መተሓዳደሪ ደንብን እቲ ፓርቲ ተቐቢሉ ብጽንዓት ተግባራዊ ንምግባር ፍቓደኛ ዝኾነ፤
   ለ) ጹቡቕ ስነ-ምግባር ዘለዎን ኣብ ሕብረተሰብ ተቐባልነት ዘለዎን፤
   ሐ) ኣብ ሕብረ-ብሄራውነትን ሃገራዊ ሓድነትን ጸኑዕ ቕዋም ዘለዎን ጫፍ ዝወጹ ኣረኣእያታትን ተግባራትን ብጽንዓት ዝቃለስ፤
   መ) ዜጋታትን ህዝብታትን ብማዕረ ዘገልግል፣ ረብሓ ህዝቢ ዘቐድም፣ ካብ ግዕዚናን ብልሹው ኣሰራርሓን ዝረሓቐን ንኻልኦት ዝቃለስን፤
   ሠ) ዕላማታትን ኽብርታትን እቲ ፓርቲ ተቐቢሉ ዝተውሃቦ ሓላፍነት ንምውጻእ ቑርጸኛ ዝኾነ፤
   ረ) ወርሓዊ ኽፍሊት ኣባልነት ንምኽፋል ፍቓደኛ ዝኾነ፤
   ሰ) ዕድምኡ 18 ዓመትን ካብኡ ንላዕልን ዝኾነ፤
   ሸ) ኣባል ኻልእ ውድብ ፖለቲካ ዘይኾነ፤
   ቀ) ኣባል ውድብ ፖለቲካ ናይ ምዃን መሰሉ ብሕጊ ዘይተገደበ ወይድማ ብቤት ፍርዲ ውሳነ ዘይተገፈፈ፤
   በ) በዚ ደንቢ ብዝተወሰነ መሰረት ግዜ ፈተነ ዝወደአ ኣባል እቲ ፓርቲ ምዃን ይኽእል።

2. ላዕለዋይ ጸፍሒ ዕድመ ኣባልነትን ኣባልነት ኽብርን ዝምልከት ዝርዝር መምርሒ ኣፈጻጽማ ብማእኸላይ ኮሚቴ ይወጽእ።

## ዓንቀጽ ዓሰርተ - ንኣባልነት ዝቐርብ ሕቶ

1. ሓደ ኣባል እቲ ፓርቲ ንምኟን ዝወሰነ ዜጋ ኣብ ኸባቢ ስርሑ ወይድማ መንበሪኡ ንዝርከብ ዋህዮ እቲ ፓርቲ ከመልክት ኣለዎ፡፡

2. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ዝተቐመጠ ኸምዘሎ ኾይኑ በቢ.ብርኩ ዝርከብ መሓዉር ፓርትን ኣባልን ንፕሮግራምን መተሓዳደሪ ደንብን እቲ ፓርቲ ተኣማኒ ኾይኑ ንተግባራውነቱ'ውን ይቃለስ እዩ ኢሉ ዝኣመነሉ ግለሰብ ንኣባልነት ፓርቲ ክምልምሎ ይኽእል፡፡

3. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1)ን(2) መሰረት ረቛሒኡ ኣማሊኡ ዝተመልመለ ግለሰብ ንሽዱሽተ ኣዋርሕ ብፈተነ ኣባልነት ይጸንሕ፡፡

4. ዋህዮ እቲ ፓርቲ ኣፈጻጽማ እቲ ሕጹይ ኣባል ሪኡ ሙሉእ ኣባል ንምግባር ወይድማ ተወሳኺ ካብ ሰለስተ ኣዋርሕ ንዘይበልጽ ግዜ ናይ ሕጹይነት ጻኒሒቱ ንክናዋሕ ንመሰረታዊ ውዳብ ውሳነ ሓሳብ ኣቕሪቡ የጽድቕ፡፡ በውሳነ መሰረታዊ ውዳብ ቅሬታ ዘለዎ ሕጹይ ኣባል ሓደ ብርኪ ሓፍ ኢሉ ንዝርከብ መሓዉር ሕቶ ይግባኣኒ ከቕርብ ይኽእል፡፡

5. ጻኒሒት ሕጹይ ኣባልነት ካብ ሓደ ግዜ ንላዕሊ ኣይናዋሕን፤ ካብ ኸይዲ ኽትትል'ውን ይስረዝ፡፡

6. እቲ ሕጹይ ኣባል ኣብ ግዜ ፈተንኡ እቲ ፓርቲ ዝህቦ ተልእኾ ይፍጽም፡፡

7. ዝርዝር መምርሒ ምልመላ ኣባላት፣ ህንጸት፣ ምደባ፣ ምዘናን ስንብትን ብማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ይወጽእ፡፡

## ዓንቀጽ ዓሰርተ ሓደ - መሰል ኣባል

1. ዝኾነ ይኹን ሙሉእ ኣባል እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ መሰላት ኣለዉዎ:-
   ሀ) ኣብ መረጻታት ኣካላት እቲ ፓርቲ ክምረጽን ክመርጽን ናይ ምኽኣል፤
   ለ) ኣብ ጉባኤታት እቲ ፓርቲ ናይ ምስታፍ፣ ኣብ ምይይጥ ናይ ምክፋል፣ ብድምጺ ኣብ ዝውሰኑ ጉዳያት ድምጺ ናይ ምሃብ፣ኣብ ዝኾነ ይኹን ጉዳይን ሕጋዊ መድረኻትን ሓሳቡ ብጽሑፍ ኾነ ብቃል ናይ ምቕራብ፤
   ሐ) ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ይኹን ኣካል እቲ ፓርቲ ወይድማ ኣባላት ብዝተኽኣለ መጠን ብመረዳእታ ዝተደገፈ ሃናጺ ግምገማ ናይ ምቕራብ፤
   መ) ኣብ ዝኾነ ይኹን ናይ ፓርቲ ውሳነ ቅሬታ እንተሓዲርዎ ቅሬትኡ ብመሰረት መተሓዳደሪ ደንቢ በቢብርኩ ንዝምልከቶ ኣካል ናይ ምቕራብ፤
   ሠ) ብዛዕብኡ፣ ብዛዕባ ዝኾነ ኣካል እቲ ፓርቲ፣ ብዛዕባ እቲ ፓርቲ ክፈልጦ ዝግባእ ነገር ክሳብ ማእኸላይ ኮሚቴ ናይ ምሕታትን መልሲ ናይ ምርካብን፤
   ረ) መተሓዳደሪ ደንቢ፣ ፕሮግራም፣ ቕዋማትን ወሳነታትን እቲ ፓርቲ ንኻልኦት ናይ ምፍላጥ፣ ናይ ምቅላሕ፣ ናይ ምስራጽን ብጭቡጥ ንክትግበሩ ናይ ምግባርን፤ኸምኡ'ውን
   ሰ) ኣብ ዝኾነ ግዜ ብጽሑፍ ኣመልኪቱን ኣብ ኢዱ ዝርከቡ ንብረታት እቲ ፓርቲ ሓላፍነት ብዝተመለአ ኣግባብ ኣረኪቡን ነቲ ፓርቲ ክለቅቕ ይኽእል፡፡

2. ዝኾነ ይኹን ሕጹይ ኣባል በቢደረጅኡ ንኣካላት ፓርቲ ክምረጽን ክመርጽን ኸምኡ'ውን ድምጺ ክህብን መሰል የብሉን፤ ተረባሒ ኻልኦት መሰላት ኣባልነት ግን እዩ፤ ንግቡኣት'ውን ተገዛኢ ይኸውን፡፡

## *ዓንቀጽ ዓሰርተ ኸልተ - ግቡኣት ኣባልነት*

ዝኾነ ይኹን ኣባል እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ ግቡኣት ይህልዉዎ፡-

1. ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜን ቦታን ብመሰረት ሕጊ ፓርቲ ዝጸደቑ ፕሮግራማት፣ መተሓዳደሪ ደንቢ፣ መምርሕታት፣ ውሳነታትን ትልምታትን እቲ ፓርቲ ናይ ምፍላጥ፣ ናይ ምቕባል፣ ናይ ምኽባር፣ ናይ ምግዛእን ንተግባራውነቶም ብግንባር ቐዳምነት ናይ ምቅላስን፤

2. ኣብ ዝርከበሉ ክሊ ስራሕን ደረጃ ሓላፍነትን ሓድነት፣ ጽርየትን ጥንካረን፣ ፖለቲካዊ ሓሳባት እቲ ፓርትን ብምሕላው ሙሉእ ተሳትፎ ናይ ምግባር፤

3. መትከላት፣ ክብርታትን ሕግታት ስነ-ምግባርን ኣባላት እቲ ፓርቲ ናይ ምኽባርን ድሕንነትን ሉኣላውነትን እቲ ፓርቲ፣ ህዝብን ሃገርን ናይ ምሕላው፤

4. ሕግታት ሃገርን ዝተፈላለዩ መንግስታዊ ውሳነታትን ናይ ምኽባር፤

5. ሓድነት፣ ጽርየትን ጥንካረን እቲ ፓርቲ ዝጎድእ ዝኾነ ይኹን ዝንባለን ተግባርን ናይ ምቅላዕን ምቅላስን፤

6. ኣብ ውሽጢ እቲ ፓርቲ ብውልቀሰባት ወይድማ ብጉጅለታት ዝተድሓዙ ተናጽላዊ ቕዋማት ናይቲ ፓርቲ ብምምሳል ብዝኾነ ይኹን መልክዑ ካብ ምስርጫው ናይ ምቑጣብ፤

7. ኣብ ሞንጎ ኣባላት ዝህሉ ሰናይ ርክብ ካብ ዘጉዱፉ ተግባራት ናይ ምዕቃብ፤

8. ኣብዚ ደንቢ ዓንቀጽ 18 ንኡስ ዓንቀጽ (8)(ተ) ኸምዝተገለጸ

ብመሰረት ማእኸላይ ኮሚቴ ዘውጸኦ መምርሒ ዓይነትን ኣከፋፍላን መዋጮ ኣባልነት ናይ ምኽፋል፤

9. ንብረት እቲ ፓርቲ ብኣግባቡ ናይ ምሕላው፤

10. ካብ ግዕዚና ዝራሓቐ፣ ግዕዚናን ኣድልኣዊ ኣሰራርሓን ናይ ምቅላስን ምቅላዕን፤ ኽምኡ'ውን

11. ካብ ሓደ ኸባቢ ወይም ቦታ ስራሕ ናብ ኻልእ ኸባቢ ወይም ቦታ ስራሕ ብቐዋሚነት ለቒቑ እንትኸድ ዝለቐቐሉን ዝበጸሖሉን መሓውር ፓርቲ ከፍልጥ፤ ንብረታትን ሰነዳትን እቲ ፓርቲ ነቲ ዝለቐቐሉ ኸባቢ መሓውር እቲ ፓርቲ ከረክብ ኣለዎ።

## *ዓንቀጽ ዓሰርተ ሰለስተ - ኣብ ልዕሊ ኣባላት ብዛዕባ ዝውሰዱ ስጉምትታት ጥሕሰት ዲስፕሊን*

1. ዝኾነ ይኹን ኣባል በዞም ዝስዕቡ ኹነታት ካብ ተግሳጽ ክሳብ ካብ ኣባልነት ምስንባት ዘብጽሑ ስጉምትታት ክዉሰዶ ይኽእል
   1.1. ፕሮግራማት፣ መተሓዳደሪ ደንቢ፣ ውሳነታትን መምርሕታትን እቲ ፓርቲ ዘየኽብር ወይድማ ኻልኦት ጥፍኣታት ዝፈጸመ ኣባል ወይድማ ሕጹይ ኣባል ጉዳዩ ብዝርዝር ተራእዩ ከከምኽብደት ጥፍኣቱ ስጉምቲ ዲሲፕሊን ይውሰዶ።
   1.2. ዝኾነ ይኹን ኣባል መዋጮ ኣባልነት እቲ ፓርቲ ንተኸታታሊ 6 ኣዋርሕ ኣእማኒ ብዘይኾነ ምኽንያት እንተዘይኸፈሉን ውዝፍ መዋጮ ንምኽፋል ፍቓደኛ እንተዘይኾይኑን ካብ ኣባልነቱ ብዓርሰ ፍቓዱ ኸምዝለቐቐ ይቑጸር።
   1.3. ዝኾነ ይኹን ኣባል ኣብ ትኽክለኛ መረዳእታ ከይተመስረተ ኣባላት እንተመልሚሉ ወይድማ ካብ ኣባልነት እንተግሊሉ፣ ኣባላት እንተወንጂሉ በጥፍኣት ዲሲፕሊን ይቕጻዕ።
   1.4. ዝኾነ ይኹን ኣባል ወይም ኣመራርሓ ናይ ሓሶት ጸብጻብ ምሃብ ኾነ ምጥቓም ኽልኽል እዩ።

1.5. ኣብ ውሽጢ ፓርቲ ኣንጻነትን ጉጅለነትን ምፍጣር ኾነ ምስፍሕፋሕ ኽልኽል እዩ፡፡

1.6.ዝኾነ ይኹን ኣባል ኣባል ኻሊእ ፓርቲ ምኺኑ እንተተበጺሒሖ ካብ ኣባልነት ፓርቲ ይስረዝ፡፡

1.7.ኣብ ላዕሊ ዝተዘርዘሩ ኽምዘለዉ ኾይኖም ብሕግታት ሃገር ጥፍኣት ተባሂሎም ዝፍለጡ ተግባራት ምፍጻሙ እንተተረጋጊጹ ብኣሰራርሓ እቲ ፓርቲ'ውን ተሓታቲ ይኸውን፡፡

1.8.ኣባላትን ሕጹይ ኣባላትን ዝፍጽመዎም ኽብደት ጥፍኣታት እናተርኣየ እዞም ዝስዕቡ ስጉምትታት ይውሰዱ፡-

1.8.1.ንሙሉእ ኣባል፤

ሀ) ተግሳጽ፤

ለ) ምሃብ ቃላዊ መጠንቀ'ቕታ፤

ሐ) ምሃብ ጽሑፋዊ መጠንቀ'ቕታ፤

መ) ካብ ሓላፍነት ምእጋድ፤

ሠ) ካብ ሓላፍነት ምትሓት፤

ረ) ካብ ሓላፍነት ምልዓል፤

ሠ) ካብ ኣባልነት ምእጋድ፤

ሸ) ካብ ኣባልነት ምስራዝ፡፡

1.8.2. ንሕጹይ ኣባል፤

ሀ) ሕጹይ ኣባልነት ንሓደ ተወሳኺ ናይ ፈተነ ግዜ ምንዋሕ፤

ለ) ካብ ሕጹይ ኣባልነት ምስራዝ፡፡

1.9.ኣብዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ስጉምቲ ዝተወሰዶ ኣባል ወይድማ ሕጹይ ኣባል በቢደረጅኡ ንዘሎ መሓውር ሕቶ ይግበኣኒ ኣ'ቕሪቡ በቲ ዝዋሃቦ ውሳነ እንተዳኣዘይዓጊቡ ሕቱኡ በቢደረጅኡ ንዘሎ ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን እቲ ፓርቲ ከ'ቕርብ ይኽእል፡፡

1.10. ኣወሳስዳን ኣፈጻጽማን ስጉምቲ ጉድለት ዲሲፕሊን ኣባላት ብመሰረት ማእኸላይ ኮሚቴ ዘውጸኦ መምርሒ ይፍጸም፡፡

# ምዕራፍ ሰለስተ

## III. መሓውርን ውዳበን እቲ ፓርቲ

### ዓንቀጽ ዓሰርተ ኣርባዕተ - መሓውርን ኣካላት ኣመራርሓን እቲ ፓርቲ

1. ውድባዊ መሓውር እቲ ፓርቲ ሕገ-መንግስታውን ፌዴራላውን ማሓውር እታ ሃገር ዝተኸተለ እዩ፡፡ በዚ መሰረት ውድባዊ ማሓውር እቲ ፓርቲ እዞም ዝኽተሉ እዮም፡-
   ሀ) ፌዴራል፤
   ለ) ክልል፣ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን፤
   ሐ) ዞባ/ከተማ/ክፍለ ከተማ/ፍሉይ ወረዳ/ቀበሌ፤
   መ) ወረዳ/ከተማ/ክፍለ ከተማ፤
   ሠ) ቀበሌ እዮም፡፡

2. እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ ትካላዊ መሓውር ይህልዉዎ፡-
   ሀ) ጉባኤ፤
   ለ) ማእኸላይ ኮሚቴ፤
   ሐ) ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ፤
   መ)ሓባራዊ መድረኽ ኣመራርሓታት ፓርቲ ፌዴራልን ክልልን፤
   ሠ) ፕሬዝዳንት፤
   ረ) ምክትል ፕሬዝዳንትታት፤
   ሰ) ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን፤
   ሸ) ዋና ቤት ጽሕፈት ፓርቲ፤
   ቀ) ጨንፈር ኣብያተ ጽሕፈታት ክልል እቲ ፓርቲ፤
   በ) ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ እቲ ፓርቲ፤
   ተ) ሊግ መናእሰይ እቲ ፓርቲ
   ቸ) ዋህዮን መሰረታዊ ውዳበን እቲ ፓርቲ እዮም፡፡

3. ኣባላት ዋህዮታትን መሰረታዊ ውዳበን እቲ ፓርቲ ኣብ ስራሕ ቦታኦም ወይድማ ኣብ ኸባቢ መንበሪኦም ይጣየሹ፡፡

## ዓንቀጽ ዓሰርተ ሓሙሽተ - ኣወቃቕራ ጉባኤ እቲ ፓርቲ፣ ኮንፈረንስታት ክልል፣ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን፣ዞባ፣ ከተማ፣ ወረዳን ቀበሌን

1. ጉባኤ እቲ ፓርቲ ብደረጃ ፌዴራል ይጣየሽ።
2. ብብርኪ ክልል ክልላዊ ኮንፈረንስ ኽምኡ'ውን በቢደረጅኡ ካብ ዞባ ክሳብ ቀበሌ ኮንፈረንስታት ክዋቐሩ ይኽእሉ።
3. ኮንፈረንስ ኣባላት ፓርቲ ትካላት ፌዴራል ይህሉ።
4. ውክልና ኮንፈረንስ ቑጽሪ ኣባላት፣ በዝሒ ህዝብን ብዝሓነትን ንምትእንጋድ ውክልና ዉሑድ ቑጽሪ ህዝቢ ዘለዎም ብሄር፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ዘለዎም ኣባላት ብዘረጋግጽ መልክዑ ይጣየሽ።
5. ኣብ መደበኛ ጉባኤን ኣብ ሕድሕድ ኮንፈረንስን ዝምረጹ ጉባኤተኛታትን ተሳተፍቲ ኮንፈረንስን ብቕዓት ዘለዎም ኣባላት ዘካተተ ይኸውን።

## ዓንቀጽ ዓሰርተ ሽዱሽተ - ጉባኤ እቲ ፓርቲ

1. ጉባኤ እቲ ፓርቲ ላዕለዋይ ኣካል ኣመራርሓ እቲ ፓርቲ እዩ።
2. መደበኛ ጉባኤ እቲ ፓርቲ ኣብ ኽልተ ዓመትን ፈረቓን ሓደ ግዜ ይካየድ፤ እቲ ጉባኤ ዝካየደሉ ግዜ ካብ ሰለስተ ዓመት ክበልጽ ኣይግበኦን።
3. እቲ ፕሬዝዳንት ሰብሳቢ እቲ ጉባኤ፣ ምክትል ፕሬዝዳንትታት ድማ ምክትል ሰብሳቢ ብምኳን የገልግሉ።

4. ቑጽሪ ተሳተፍቲ እቲ ጉባኤ ካብ 500 ብላዕሊ ኾይኑ፤ ተዋጽኦኡ ብመሰረት ማእኸላይ ኮሚቴ ዘውጽኦ መምርሒ ፍሉይ ድጋፍ ዘድልዮምን ዉሑድ ቑጽሪ ዘለዎም ክፋላት ሕብረተሰብ ውክልና ክረኽቡን ተረባሕቲ ኣውንታዊ-ስጉምቲ ኽኾኑን ብዘኽእል መልክዑ ይፍጸም።

5. ማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ እንተነኣሰ ብሲሶ ድምጺ ብልጫ እንትውስን ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ህጹጽ ኣኼባ ክጽዋዕ ይኽእል።

6. ሲሶ ድጋፍ ድምጺ ኣባላት ቐዋሚ ኮሚቴ ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን እቲ ፓርቲ እንተረኺቡ ህጹጽ ኣኼባ ክጽዋዕ ይኽእል።

7. ጉባኤ እቲ ፓርቲ ህጹጽ ኣኼባ እንትጽውዕ ቐዲሙ ኣብ ዝተኻየደ መደበኛ ጉባኤ ዝተኻፈሉ ጉባኤተኛታት ብቀጥታ ይሳተፉ።

8. ንመደበኛ ጉባኤ እቲ ፓርቲ ካብ ማእኸል ኣባላቱ እንተነኣሰ ኽልተ ኢድ (2/3) ኣብቲ ኣኼባ እንትርከቡ ምልኣተ ጉባኤ ይኸውን።

9. ምልኣተ ጉባኤ ኣኼባ ህጹጽ ጉባኤ 50%+1 እዩ።

10. ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን እቲ ፓርቲ በቀጥታ ኣብቲ ጉባኤ ይሳተፉ።

11. ውክልናን ተሳትፎን ጉባኤ እቲ ፓርቲ በዝሒ ህዝቢ፣ ቑጽሪ ኣባላትን ቑጽርን ብዝሓነትን መሰረት ዝገበረ ኾይኑ ዝርዝሩ ብመሰረት ማእኸላይ ኮሚቴ ዘውጸኦ መምርሒ ይውሰን።

12. ንመደበኛ ጉባኤን ህጹጽ ጉባኤን ግዜ፣ ቦታን ኣጀንዳታትን እቶም ጉባኤታት ኣቐዲሙ ብዋና ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ ኣቢሉ ክግለጽ ኣለዎ።

## ዓንቀጽ ዓሰርተ ሸውዓተ - ተግባርን ሓላፍነትን ጉባኤ እቲ ፓርቲ

1. ባኤ እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ፦
   ሀ) ፕሮግራምን መተሓዳዳሪ ደንብን እቲ ፓርቲ የጽድቕ፣ የመሓይሽ፤
   ለ) እቲ ፓርቲ ዝምረሐሉም ሓፈሻዊ ኣንፈታትን ውሳነታትን የቐምጥ፤
   ሐ) ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ይውስን፤
   መ) ማእኸላይ ኮሚቴ፣ ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ዘቕርቦም ከከምኣድላይነቱ ድማ ብኻልኦት ኣካላት ዝቐርቡ ሪፖርትታት የዳምጽ፣ ይግምግም፣ የጽድቕ፤
   ሠ) እቲ ፓርቲ ምስ ኻልኦት ፓርትታት ዝገብሮ ውህደት ወይድማ ቅንጅት ውይድማ ግንባር ናይ ምፍጣር ውሳነ ሓሳብ የጽድቕ፤
   ረ) ኣብ ዕብየትን ስንብትን ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ውሳነ ይህብ፤
   ሰ) ስምን ኣርማን እቲ ፓርቲ የጽድቕ፣ የማሓይሽ፣ ይልዉጥ፤
   ሸ) ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን፣ ፕሬዝዳንትን ምክትል ፕሬዝዳንትታትን እቲ ፓርቲ ይመርጽ፤
   ቀ) እቲ ጉባኤ መደበኛ ስርሑ ቕድሚ ምጅማሩ ብጉባኤ ኣዳላዊ ኮሚቴ ዝቐርበሉ ሪፖርትን ደንቢ ስነ-ስርዓትን እቲ ኣኼባ መርሚሩ የጽድቕ።

2. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ዝተደንገገ ኸምዘሎ ኾይኑ እቲ ጉባኤ ካብ ተግባሩን ሓላፍነቱን ብምሉእ ወይድማ ብኽፋል ንማእኸላይ ኮሚቴ ውክልና ክህብ ይኽእል።

## ዓንቀጽ ዓሰርተ ሸሞንተ - ማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ

1. ተጸዋዕነት ማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ንጉባኤ ፓርቲ ኾይኑ ካብ ጉባኤ ክሳብ ጉባኤ ነቲ ፓርቲ ዝመርሕ ላዕለዋይ ኣካል እዩ።

2. እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ብቐጥታ ነጻን ዴሞክራሲያውን ብዝኾነ መንገዲ ካብ ኣባላት እቲ ጉባኤ ብኣግባብ ኣወሃህባ ምሽጥራዊ ድምጺ ብዝምረጹ ኣባላት ዝምስረት እዩ።

3. ብዝሓትን ተዋጽኦን ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ በዝሒ ህዝቢ፣ ቐጽሪ ኣባላትን ብዝሓነትን መሰረት ዝገበረ ኾይኑ ዝርዝር መምርሒ ኣፈጻጽማ ብማእኸላይ ኮሚቴ ይወጽእ።

4. ማእኸላይ ኮሚቴ በቢሽዱሽተ ወርሒ መደበኛ ኣኼባ ይገብር፤ ኾይኑ ግና ኮሚቴ ስራሕ ፈጻሚ እንተኣሚንሉ ወይድማ ካብ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ሲሶ ዝኣኽሉ እንተሓቲቶም ካብዚ ብዝናኣሰ ግዜ ህጹጽ ኣኼባ ክጽዋዕ ይኽእል።

5. ምልኣተ ጉባኤ ማእኸላይ ኮሚቴ ካብ ኣባላቱ 50%+1 ዝተረኽብሉ ይኸውን።

6. ብማእኸላይ ኮሚቴ ዝተመሓላለፈ ዝኾነ ይኹን ውሳነ ካብ ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ወጻኢ ኣብ ኹሉም መሓውራትን ኣካላትን ፓርቲ ተፈጻሚ ይኸውን።

7. ማእኸላይ ኮሚቴ ብፕሬዝዳንትን ምክትል ፕሬዝዳንትታትን ብሓባር ይምራሕ።

8. ማእኸላይ ኮሚቴ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ፡-
   ሀ) ፕሮግራምን መተሓዳዳሪ ደንብን እቲ ፓርቲ፣ ውሳነታት ጉባኤኡ ኣብ ግብሪ ምውዓሎም የረጋግጽ፤
   ለ) ብጉባኤ ፓርቲ ዝቐመጥ ኣንፈትን ውሳነታትን መሰረት ገይሩ ነቲ ፓርቲ ብላዕለዋይነት ይመርሕ፣ ሓፈሻዊ ፖሊሲታት፣ ስትራቴጂታት፣ ኣንፈታትን ትልምታትን እቲ ፓርቲ ኸምኡ'ውን መምርሕታት ኣፈጻጽማ የመንጪ፣ ኣፈጻጽመኦም በቢግዚኡ ይግምግም፤
   ሐ) ሪፖርት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ የዳምጽ፣ ይግምግም፣ ውሳነ ኣብ ዘድልዮም ነጥብታት ይውስን፤
   መ) ብፕሬዝዳንት እቲ ፓርቲ ዝተፈጸመ ስምምዕ ውሳነ ሓሳብ መርሚሩ የጽድቕ፤
   ሠ) መምርሒ ኣሰራርሓ ስርዓት ምርጫ እቲ ፓርቲ የውጽእ፤
   ረ) ስትራቴጂ መረጻ የጽድቕ፣ ንመረጻ ዝግበር ኸይዲ ዝመርሕ ኮሚቴ መረጻ የጣይሽ፤
   ሰ) ኣድላይ ዝኾኑ መሓውራት ፓርቲ ይዝርግሕ፤
   ሸ) ተዋጽኦ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን ተዋጽኦን ቑጽርን ኣባላት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን
   ይውስን፤
   ቀ) ካብ ኣባላቱ ኣባላት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ይመርጽ፤
   በ) ዓመታዊ ትልሚ ስራሕ ማእኸላይ ኮሚቴን ባጀት እቲ ፓርትን የጽድቕ፤
   ተ) ኣባላት ፓርቲ ዝኸፍልዎ ዓይነት መዋጮ፣ መጠንን ኣከፋፍላን ዝምልከት መምርሒ የውጽእ፤
   ቸ) ኣብ ልዕሊ ትርጓመ መተሓዳዳሪ ደንቢ እቲ ፓርቲ ዝላዓሉ ክርክራት ውሳነ ይህብ፤
   ነ) ፕሮግራምን መተሓዳዳሪ ደንብን እቲ ፓርቲ ንምፍጻም ኣድላይ ዝኾኑ ኻልኦት ተግባራት ኹሉ ይውግን፤
   ኘ) ንፕሮግራምን ደንብን እቲ ፓርቲ ተገዛእቲ ዘይኾኑን ብቕዓት ኣመራርሓ ዝጎደሎምን ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ብኽልተ ኢድ (2/3) ድምጺ ይእግድ፤
   አ) ነቲ ደንቢ ንምፍጻም ዘድልዩ ዝርዝር መምርሕታት የጽድቕ፡፡

9. ናይዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (8) (ካብ ሀ-ኣ) ዝተደንገገ ኸምዘሎ ኾይኑ እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ካብ ዝተውሃቦ ተግባርን ሓላፍነትን ብኽፋል ንኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርቲ ውክልና ክህብ ይኽእል፡፡

## *ዓንቀጽ ዓሰርተ ትሽዓተ - ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርቲ*

1. ተጸዋዕነት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርቲ ንማእኸላይ ኮሚቴ ኾይኑ ካብ ውሽጢ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴ ብምሽጥር ድምጺ ይምረጹ፡፡

2. እቲ ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ብፕሬዝዳንት እቲ ፓርቲ ይምራሕ፡፡

3. ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ኣብ ሰለስተ ወርሒ ሓደ ግዜ መደበኛ ኣኼብኡ የካይድ፡፡

4. ህጹጽ ኣኼባ ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ በቲ ፕሬዝዳንት ወይድማ ሲሶ ኣባላት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ እንትሓቱ ካብዚ ብዝነኣሰ ግዜ ክጽዋዕ ይኽእል፡፡

5. ምልኣተ ጉባኤ ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ካብ ኣባላቱ 50%+1 ዝተረኽቡሉ ይኸውን፡፡

6. ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህለዉዎ፡-
   ሀ) ብጉባኤን ብማእኸላይ ኮሚቴን ዝወጹ ትልምታት፣ ኣንፈታት፣ ውሳነታትን መምርሕታትን ምኽባሮምን ኣብ ግብሪ ምውዓሎምን ይከታተል፣ የረጋግጽ፣ መሪሕነት ይህብ፤
   ለ) ብመሰረት ኣንፈታትን ውሳነታትን እቲ ጉባኤን ማእኸላይ ኮሚቴን ናብራ ሕብረተሰብ ንክማሓየሽን ሓደ ማሕብረሰብ ኢኮኖሚን ፖለቲካን ምፍጣር ንኽካኣልን ኣድላይ ዘበለ

ስልቲ ይቕይስ፣ መምርሒ ይህብ፣ ተግባራዊ ምዃኖም ይከታተል፤

ሐ) ሕብረ-ብሄራዊ ሓድነትና ዘጠናኽርን ነቲ ፌዴራል ስርዓት ዘጎልብትን ሓሳባት የፈልፍል፣ ይትግብር፣ ምትግባሮም ይከታተል፤

መ) ውሳነታት እቲ ጉባኤን ማእኸላይ ኮሚቴን መተሓዳደሪ ደንቢ መሰረት ብምግባር ውሽጠ-ፓርታዊ ዴሞክራሲ እቲ ፓርቲ ዝበለጸ ንምድንፋዕ ዘኽእሉ መምርሕታት ምስ ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ብምምኽኻር የውጽእ፣ ተግባራዊ ምዃኖም ይከታተል፤

ሠ) ንማእኸላይ ኮሚቴ ትልሚ ስራሕን ሪፖርትን የቕርብ፤

ረ) ምንቅስቓስ ስራሕ በቢብርኩ ዝርከቡ ኣመራርሓ ፓርቲ ይመርሕ፣ ይከታተል፣ ይድግፍ፤

ሰ) ንዋና ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ዕለታዊ መምርሒ ስራሕ ይህብ፤

ሸ) መምርሒ ኣፈጻጽማ ምደባ ኣመራርሓ ፓርቲ የውጽእ፤

ቀ) ካብ ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን ኻልኦት ኣግባብነት ዘለዎም ኣካላትን ዝውጻጽኡ ኣባላት ኣዳላዊ ኮሚቴ ጉባኤ ፓርቲ ገይሩ የዋቕር፤

በ) ኣጀንዳ ማእኸላይ ኮሚቴ የዳሉ፤

ተ) ፕሮግራማት፣ ኣንፈታትን ውሳነታትን እቲ ፓርቲ ንኣባላት እቲ ፓርትን ንመላእ ህዝብን ተበጻሒ ንክኾኑ ስልቲ ይቕይስ ተግባራዊ ምዃኖም የረጋግጽ፡፡

7. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (6) (ካብ ሀ-ተ) ዝተደንገገ ሽምዘሎ ኾይኑ እቲ ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ካብ ተግባሩን ሓላፍነቱን ብኽፋል ንፕሬዝዳንት እቲ ፓርቲ ውክልና ክህብ ይኽእል፡፡

## ዓንቀጽ ዕስራ - ሓባራዊ መድረኽ ኣመራርሓ ፓርቲ ፌዴራልን ክልልን

1. ሓባራዊ መድረኽ ኣማራርሓ ፓርቲ ፌዴራልን ክልልን በቲ ፓርቲ ፕሬዝዳንት ወይድማ በቲ ፕሬዝዳንት ዝወከል ሓላፊ ዝምራሕ ኾይኑ ናይቲ ፓርቲ ምክትል ፕሬዝዳንትታት፣ ሰብሰብቲ ኣታሓባባሪ ኮሚቴ ክልል፣ ሓለፍቲ ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ክልልን ኻልኦት በቲ ፕሬዝዳንት ንክሳተፉ ዝሕረዩ ኣመራርሓታትን ብኣባልነት ዝሓቖፈ ይኸውን፡፡

2. ተጻዋዕነት እቲ ሓባራዊ መድረኽ ንኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ይኸውን፡፡

3. እቲ ሓባራዊ መድረኽ በቢኽልተ ወርሒ እናተራኸበ ኣብ ውቕታዊ ሃገራዊ ዛዕባታት ይመክር፡፡

4. እቲ ሓባራዊ መድረኽ ምደባ ኣባላት ኣታሓባባሪ ኮሚቴ ክልል የጽድቕ፤

5. ብጉባኤ እቲ ፓርቲ፣ ብማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን ዝቕመጡ ኣንፈታት ይፍጽም፣ ይመርሕ፡፡

## ዓንቀጽ ዕስራን ሓደን - ፕሬዝዳንት እቲ ፓርቲ

1. ተጸዋዕነት ፕሬዝዳንት እቲ ፓርቲ ንኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ኾይኑ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ:-
   ሀ) ኣኼባታት ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን ብኣካብነት ይመርሕ፤
   ለ) ስራሕቲ ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን የተሓባብር፤
   ሐ) ውሳነታት ማእኸላይ ኮሚቴን ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን ንክፍጸሙ ይገብር፤
   መ) ነቲ ፓርቲ ብምውካል ምስዝተፈላላዩ ኣካላት ርክብ ስራሕ ይገብር፤ ስምምዕነታት ይፈራረም፤
   ሠ) ናይ ስራሕ ሪፖርቱ ንኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ የቕርብ፤
   ረ) ንኣኼባታት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ኣጀንዳ የዳሉ፤
   ሰ) ብማእኸላይ ኮሚቴን በኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን ዝወሃቡ ኻልኦት ተግባራት ይውግን።

## ዓንቀጽ ዕስራን ኽልተን - ምክትል ፕሬዝዳንትታት እቲ ፓርቲ

1. እቲ ፓርቲ 2 ምክትል ፕሬዝዳንትታት ይህልዉዎ።

2. ምክትል ፕሬዝዳንትታት ተጸዋዕነቶም ንፕሬዝዳንት ኾይኑ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎም:-
   ሀ) እቲ ፕሬዝዳንት ኣብ ዘይህልወሉ ግዜ በቲ ፕሬዝዳንት ዝተወከለ ምክትል ፕሬዝዳንት ተኪኡ ይሰርሕ፤
   ለ) ብመሰረት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን እቱ ፕሬዝዳንትን ዝህብዎ ወፍሪ ስራሕ ስርሖም ይውግኑ።

## ዓንቀጽ ዕስራን ሰለስተን - ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን እቲ ፓርቲ

1. ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ብጉባኤ እቲ ፓርቲ ብዝምረጹ ኣባላት ይዋቐር፤ በዝሒ ኣባላት እቲ ኮሚሽን በቲ ጉባኤ ዝውሰን ኾይኑ በዝሒ ህዝብን ቑጽሪ ኣባላትን ኸምኡ'ውን ዉሑድ ቑጽሪ ዘለዎም ኽፋላት ሕብረተሰብ ውክልና ዝረኽብሉን ተረባሕቲ ኣውንታዊ-ስጉምቲ ንክኾኑ ብዘኽእልን ኣግባብ ንክዋቐር ይግበር፤ ዝርዝሩ ማእኸላይ ኮሚቴ ብዘውጾኦ መምርሒ ይውሰን።

2. ተጸዋዕነት እቲ ኮሚሽን ንጉባኤ እቲ ፓርቲ እዩ።

3. ኣባላት እቲ ኮሚሽን ምስ ስርሖም ዝጋጮ ምደባ ፓርቲ ኣይዋሃቦምን።

4. እቲ ኮሚሽን ቐዋሚ ቤት ጽሕፈት፣ ተሸወምቲ ኣመራርሓን ተሸወምቲ ዘይኾኑ ባዓልሞያታትን ይህልዉዎ።

5. እቲ ኮሚሽን በቢ ደረጅኡ ዝርከቡ ኣብያተ ጽሕፈት ውዳበ ፓርቲ የጣይሽ፤ ናይ ባዕሉ መሓውር ይዝርግሕ፣ ኣሰራርሐኦም'ውን ኸምዝስዕብ ይኸውን፦

   ሀ) ክልላውን ኸባቢያውን ኣባላት ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን በቢ ደረጅኡ ብዝካየዱ ኮንፈረንስታት ይምረጹ። ኮንፈረንስ ክሳብ ዝካየድ ኣብ ዘሎ ግዜ ምጉዳል ኣባላት እቲ ኮሚሽን እንተ ጋጥም እቲ ኮሚሽን በቢ ብርኩ ምስዘለዉ ኣታሓባበርቲ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ብምንግጋር ግዜያዊ ምደባ ይህብ፤

   ለ) ክልላውን ኸባቢያውን ኣባላት ኮሚሽናት ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ሓደ ብርኪ ክብ ኢሉ ንዝርከብ መሓውር ተጸዋዒ ይኾኑ፤

ሐ) ብፌዴራልን በቢደረጅኡን ዝህልዉ ክልላውን ኸባብያውን መሓውራት ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ብደረጀኦም ምስዘሎ ኣታሓባባሪ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ብትሕብብር ይሰርሑ፡፡

6. እቲ ኮሚሽን እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ፡-

ሀ) እቲ ኮሚሽን መተሓዳደሪ ደንብን መምርሕታትን ኣብ ግብሪ ምውዓሎም ይከታተል፤

ለ) ፖለቲካዊ ጽርየትን ጥዕና ስነ-ምግባርን እቲ ፓርቲ ንምርግጋጽ ኣድላይ ዘበለ ኽትትል ይገብር፤

ሐ) ገንዘብ፣ ንብረትን ሰነዳትን እቲ ፓርቲ ብኣግባቡ ምሕላዎም ቑጽጽር ይገብር፤ መዋጮ ኣባላት እቲ ፓርቲ ኣብ ግዚኡን በትኽክልን ምእካቡ ይቆጻጸር፤

መ) መሰላትን ረብሓታትን ኣባላትን ኣካላትን እቲ ፓርቲ ምኽባሮም ይከታተል፤

ሠ) ብኣባላት ዝቐርቡ ሕቶታት-ይግባኣኒ ይቕበል፣ ይምርምር፣ ናይ ስጉምቲ ውሳነ ሓሳብ ንኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን ከከምኣግባቡ በቢደረጅኡ ንዘለዉ ኣታሓባባሪ ኮሚቴታት የቕርብ፤

ረ) ዝርዝር መምርሕታት ስነ-ምግባር፣ ኢንስፔክሽንን ቑጽጽርን ብምርቃቕ ንማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ኣቕሪቡ የጽድቕ፣ ተፈጻምነቱ ይከታተል፤

ሰ) ስነ-ምግባር እቲ ፓርቲ የመሓይሽ፣ ግዕዚና ንምውጋእ መጽናዕትታት የኻዕብት፣ የተሓባብር፤

ሸ) በቢደረጅኡ ጥሕሰት ስነ-ምግባር ይምርምር፣ ግቡእ መአረሚ ስጉምቲ ንክውሰድ ይገብር፤

ቀ) ብመሰረት ካብ ኣተሓባባሪ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ዝውሃብ ተልእኾ ኣድላይ ኾይኖም ዝተረኸቡ ስራሕትታት ምርመራ፣ ኽትትልን ቑጽጽርን ይሰርሕ፤

በ) ኣብ መንጎ ኣካላት እቲ ፓርቲ ኣፈላላይ እንትህሉ ወይድማ ነቲ ፓርቲ ዝምልከቱን

ምጽራይ ዝግበኦምን ጉዳያት እንትህለዉ፤ ኽምኡ'ውን በማእኸላይ ኮሚቴ ወይድማ ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርቲ ሕቶ እንትቐርበሉ ኽም ሓደ ነጻ መጻረይ ኣካል ኾይኑ የግልግል፤ ናይ ባዕሉ ናይ ውሳነ ሓሳብ ዘካተተ ሪፖርት'ውን ንማእኸላይ ኮሚቴ የቐርብ፤

ተ) እቲ ኮሚሽን ብመተሓዳደሪ ደንቢ ዝተውሃብዎ ተግባራትን ሓላፍነታትን ኣመልኪቱ በቢግዚኡ ኢንስፔክሽንን ዝተፈላለዩ መጽናዕትታትን የካይድ። ውጺኢታት እቲ መጽናዕቲ ምስ ምኽረ ሓሳብ ውሳነ ገይሩ ንዝምልከቶም ኣካላት ፓርቲ የቕርብ፤ ኣፈጻጽምኡ ይከታተል፤

ቸ) እቲ ኮሚሽን ንስራሕ ዘድልዮ ዓመታዊ ባጀት ብምድላው ንክጸድቕ ንማእኸላይ ኮሚቴ የቕርብ፣ እንትጸድቕ የማሓድር፣ ይመርሕ፤

ኀ) ንፕሮግራምን መተሓዳደሪ ደንብን እቲ ፓርቲ ተገዛእቲ ዘይኾኑ ኣባላት እቲ ኮሚሽን ብኽልተ ኢድ (2/3) ድምጺ ይእግድ፤

ነ) ብዛዕባ ኣፈጻጽማ ስርሑ ብብርኪ ፌዴራል ንፓርቲ ጉባኤ፣ ኽምኡ'ውን ከከም ኣግብብነቱ ብክልልን ኽባቢያዊ መሓውርን ሓደ ደረጃ ክብ ኢሉ ንዘሎ ኮሚሽን ሪፖርት የቕርቡ፤

ኘ) እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ መሰረት ብምግባር ውሽጣዊ መምርሕታት ኣሰራርሓ እቲ ኮሚሽን ከውጽእ ይኽእል።

7. ተግባርን ሓላፍነትን ክልላውን ኽባቢያውን ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ኣብ ትሕቲ እዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (6) ዝተዘርዘሩ ይኾኑ።

8. እቲ ኮሚሽን በቢሰለስተ ወርሒ መደበኛ ኣኼባ የካይድ።

9. እቲ ኮሚሽን ናይ ባዕሉ ዓመታዊ ትልምታት እናዳለወ ተግባራውነቱ ይመርሕ።

10. በቲ ኮሚሽን ዝቐርብ ናይ መአረምታ ሓሳብ እቲ ፈጻሚ ስራሕ እንተዘይተቐቢልዎ ንማእኸላይ ኮሚቴ ይቐርብ፤ እቲ ማእኸላይ ኮሚቴ ኣብቲ ጉዳይ ዝህቦ ውሳነ ክሳብ ጉባኤ ተፈጻሚ ይኸውን፡፡

11. እቲ ኮሚሽን ካብ ውሽጡ ሰብሳቢ፣ ምክትል ሰብሳብን ጸሓፍን መሪጹ ንጉባኤ የፍልጥ፡፡

*ዓንቀጽ ዕስራን ኣርባዕተን - ዋና ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ*

1. ተጸዋዕነት እቲ ዋና ቤት ጽሕፈት ንፕሬዝዳንት ኾይኑ ናይቲ ፓርቲ ፖለቲካዊ፣ ውድባዊ፣ ህዝባውን ዓለምለኻውን ርክብ ይመርሕ፣ ማእኸል መጽናዕትን ምርምርን ኾይኑ የገልግል፡፡

2. እቲ ቤት ጽሕፈት ሓላፊ ከከምኣድላይነቱ ድማ ምክትል ሓለፍቲ ይህልዉዎ፡፡

3. እቲ ቤት ጽሕፈት በቢግዚኡ ትልምን ሪፖርትን ኣዳልዩ ንፕሬዝዳንት የቐርብ፡፡

4. ሕጹያት ኣባላት ኣታሓባባሪ ኮሚቴ ፓርቲ ክልል/ከተማ ምምሕዳር በቢክልሉ/ከተማ ምምሕዳር ምስዘለዉ ኣማራርሓ ፓርቲ ብምኺን ምስመመየ ምስቲ ፕሬዝዳንት ብምምኽኻር ንሓባራዊ መድረኽ ኣመራርሓ ፌዴራልን ክልልን ንውሳነ የቕርብ፤ ዝርዝር ምድባ ኣመራርሓ ፓርቲ ብዝምልከት ብኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ብዝወጽእ መምርሒ ይውሰን፡፡

5. ዝርዝር ኣሰራርሓ እቲ ዋና ቤት ጽሕፈትን በቢብርኩ ዝርከቡ ኣብያተ ጽሕፈታትን ክልል ብዝምልከት ንማእኸላይ ኮሚቴ ረቂቕ መምርሒ የቐርብ፡፡

6. እቲ ቤት ጽሕፈት እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎ:-
   ሀ) ብመሰረት ትልምታት ማእኸላይ ኮሚቴ፣ ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕን ኻልኦት በቲ ፕሬዝዳንት እቲ ፓርቲ ዝዋሃቡ ኣንፈታትን ስራሕቲ እቲ ፓርቲ ይትልም፣ ክፍጸሙ ይገብር፣ ኣፈጻጽመኦም ይከታተል፤
   ለ) ገንዘብ፣ ንብረትን ሰነዳት እቲ ፓርቲ ብላዕለዋይነት የማሓድር፣ ብጥንቃቐ ንክታሓዙን ኣብ ግብሪ ንክውዕሉን ይገብር፣ መዛግብቲ ሕሳብን ገንዘብ ተንከፍ ሰነዳትን እቲ ፓርቲ በቢዓመቱ ብባዓልሞያ ወይድማ ኦዲተር ወጻኢ-ሕሳብ ንክምርመሩን ንክረጋገጹን ይገብር፤
   ሐ) ኣወዳድባ ኣባላት፣ ህንጻት ፖለቲካ፣ ርክብ ህዝብን ዓለምለኸን፣ መጽናዕትን ምርምርን ኻልኦት ተግባራትን ይፍጽም፤
   መ) በመሰረት ብፕሬዝዳንት ዝዋሃቦ ኣንፈት ነቲ ፓርቲ ወኪሉ ምስ ሳልሳይ ወገን ርክብ ስራሕ ይገብር፤
   ሠ) ምስቲ ፕሬዝዳንት ብምምኽኻር ዋና ኣዳላውን ኣባላት ቦርድን ልሳን እቲ ፓርቲ ይሰይም፤
   ረ) ዝጸደቐ ባጀት እቲ ፓርቲ የማሓድር፤
   ሰ) ፕሮግራም፣ ኣንፈታትን፣ ኣፈጻጽማ ስራሕን ትልምታትን ብሚድያን መሳርሕታት ርክብ ህዝብን ኣቢሉ ንህዝቢ የላልይ፤
   ሸ) ብስም እቲ ፓርቲ ውዕሊ ይወዓዓል፣ ይኸስስ፣ ይኽሰስ፤
   ቀ) ብመሰረት መምርሒ ምምሕዳር ሓይሊ ሰብ እቲ ፓርቲ ሰራሕተኛታት እቲ ቤት ጽሕፈት ይቖጽር፣ የማሓድር፣ የሰናብት፤
   በ) ቦታ፣ ግዜን ኣጀንዳን ጉባኤ እቲ ፓርቲ ኣዳልዩ እንትውስን ንዝምልከቶ ውዳበ ፓርቲ የፍልጥ፤
   ተ) ስራሕትታት ኣማኻሪ ጉባኤ እቲ ፓርቲ የተሓባብር፤
   ቸ) ብማእኸላይ ኮሚቴ፣ ብኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ወይድማ በቲ ፕሬዝዳንት ዝወሃቡ ኻልኦት ስራሕትታት ይውግን።

7. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (6) (ካብ ሀ-ቸ) ዝተደንገገ ኸምዘሎ ኾይኑ በዚ መተሓዳደሪ ደንቢ መምርሒ ንክዳለወሎም ዝተመልከቱን ኻልኦት ንስራሕ ጠቓምቲ ዝኾኑ ዝርዝር መምርሕታትን ብኣማኻሪ ጉባኤ እቲ ፓርቲ ንክጽንዑ ብምግባር ነቲ ፕሬዝዳንት የቕርብ።

8. ናይዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (6) (ካብ ሀ-ቸ) ዝተደንገገ ኸምዘሎ ኾይኑ ካብቲ ንዋና ቤት ጽሕፈት ዝተውሃበ ተግባርን ሓላፍነትን ንክልል፣ ኣብያተ ጽሕፈታት ጨንፈር ፓርቲ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ውክልና ክህብ ይኽእል።

# ምዕራፍ ኣርባዕተ

## IV. ክልላዊ ውዳበ እቲ ፓርቲ

### *ዓንቀጽ ዕስራን ሓሙሽተን - ውዳበን ማሓውርን ፓርቲ*

1. ንዋና ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ተጸዋዕቲ ዝኾኑ፣ ክልላውን ኣብያተ ጽሕፈታት ጨንፈር ፓርቲ ኽልቲኡ ምምሕዳር ከተማን ስያመ ክልል/ከተማ ብምሓዝ ከምዝኽተል ተጣይሾም ኣለዉ፡-
   - ሀ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ኦሮሚያ፤
   - ለ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ኣምሓራ፤
   - ሐ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ብሄራት፣ ብሄረሰባትን ህዝብታትን ደቡብ፤
   - መ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ሶማሌ፤
   - ሠ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ትግራይ፤
   - ረ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ዓፋር፤
   - ሰ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ቤኒሻንጉል፤
   - ሸ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ጋምቤላ፤
   - ቀ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ሃረሪ፤
   - በ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ሲዳማ፤
   - ቸ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ክልል ህዝብታት ደቡብ ምዕራብ ኢትዮጵያ፤
   - ነ) ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ምምሕዳር ከተማ ኣዲስ ኣበባ፤

ኘ) ጩንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ምምሕዳር ድሬዳዋ፤

2. ንክልል/ምምሕዳር ከተማ ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ተጸዋዕቲ ዝኾኑ ኣብያተ ጽሕፈት ዞባ/ክፍላተ ከተማ/ፍሉይ ወረዳታት፣ ወረዳታትን ከተማታትን ይህልዉዎ።

3. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ክሳብ (2) ዝተጣየሹ ኣብያተ ጽሕፈት በቢደረጅኡ ኮንፈረንስ ፓርቲ፣ ኣታሓባባሪ ኮሚቴታት፣ ኣብያተ ጽሕፈትን ኮሚቴ ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ይህልዉዎ።

4. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ካብ ዝተዘርዘሩ ኣብያተ ጽሕፈት ክልል ብተወሳኺ እቲ ፓርቲ ብመሰረት ሕገ-መንግስቲ ፌዴሪኢ ዓንቀጽ 47 ኣብ ዝምስረቱ ክልላት ክልላዊ ቤት ጽሕፈት ይህልዎ።

5. በቢደረጅኡ ዝርከቡ መሓውራት እቲ ፓርቲ ኣብቲ ክልል ዘለዉ ኣባላት እቲ ፓርቲ ብሙሉእ ዘሳትፍን ናይ ዉሑዳት ውክልና ዘረጋግጹን ይኾኑ።

*ዓንቀጽ ዕስራን ሸዱሽተን - ኣሰራርሓ ስርዓት ፓርቲ ኮንፈረንስ ክልል፣ ኣዲስ ኣበባ፣ ድሬዳዋን ትካላት ፌዴራልን*

1. በቢደረጅኡ ዝካየዱ ኮንፈረንስታት እቲ ፓርቲ መደረኻት ፖለቲካዊ ህንጻት ኣባላት እቲ ፓርቲ ኾይኖም የገልግሉ።

2. ውክልናን ተዋጽኦን በቢደረጅኡ ዝካየዱ ኮንፈረንስታት ፓርቲ ብበዝሒ ኣባላት ይውሰን።

3. ኮንፈረንስታት እቲ ፓርቲ ብጸዋዕነት በቢደረጅኡ ዝርከቡ ኣታሓባባሪ ኮሚቴታት እቲ ፓርቲ ዝእከብ ኾይኑ ኣባላት ኮንፈረንስ ክልልን/ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን/ ትካላት ፌዴራልን

ብዓመት ሓደ ግዜ፤ ዞባ፣ ወረዳ/ፍሉይ ወረዳን ከተማን ብዓመት ኽልተ ግዜ፤ ቀበሌ በቢሰለስተ ወርሑ፣ መሰረታዊ ፓርቲ ድማ በቢወርሑ ኮንፈረንስታቶም የካይዱ፡፡

4. ሓፈሻዊ ኽይዲ ስራሕን ፖለቲካዊ ኹነታትን ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ክልል ብኮንፈረንስታት ፓርቲ ክልል ይግምገም፡፡

*ዓንቀጽ ዕስራን ሸውዓተን- ተግባርን ሓላፍነትን ኮንፈረንስ ፓርቲ*

1. ፕሮግራምን መተሓዳዳሪ ደንብን እቲ ፓርቲ በቢደረጅኡ ብኣግባቡ ኣብ ግብሪ ምውዓሉ የረጋግጽ፡፡

2. ኣንፈታት፣ ውሳነታትን ትልምታትን እቲ ፓርቲ ብትኽክል ኣብ ተግባር ምውዓሎም የረጋግጽ፡፡

3. ብቕዓት ፖለቲካ ኣባላት ንክድንፍዕ ይገብር፡፡

4. ብመሰረት መምርሒ ተሳትፎን ውክልናን ጉባኤን ኮንፈረንስን እቲ ፓርቲ ንጉባኤ እቲ ፓርትን በቢደረጅኡ ንዝካየዱ ኮንፈረንስታትን ኣባላት ይውክሉ፡፡

5. በቢደረጅኡ ካብ ዘለዉ ኣተሓሓባሪ ኮሚቴን ኮሚቴ ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ፓርቲ ንዝቐርበሉ ትልምን ሪፖርት ኣፈጻጽማ ስራሕን የዳምጽ፣ ይግምግም፣ የጽድቕ፡፡

6. በቢደረጅኡ ዝርከቡ ኮንፈረንስ ፓርቲ፣ ጉባኤ ፓርቲ፣ ማእኸላይ ኮሚቴን ፈጻሚ ስራሕን እቲ ፓርቲ ዘቐምጥዎ ሓፈሻዊ ኣንፈትን ውሳነን ብዘኽበረ መልክዑን ሃገራዊ ውዳበታት እቲ ፓርቲ ኣብ ውሽጢ ዝህብዎ ክሊ ኣመራርሓን ኣብ ዝርከብሉ ምምሕዳራዊ ቐጠና እቱ ዝዓበየ መድረኽ ፖለቲካ እቲ ፓርቲ ይኾኑ፡፡

## ዓንቀጽ ዕስራን ሸሞንተን - ኣተሓባባሪ ኮሚቴ ፓርቲ ክልላት፣ ኣዲስ ኣባባን ድሬዳዋን ኸምኡ'ውን ትካላት ፌዴራልን

1. ተጸዋዕነት ኣተሓባባሪ ኮሚቴ ፓርቲ ክልላት፣ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን ኸምኡ'ውን ትካላት ፌዴራልን ንኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርቲ ይኸውን፡፡

2. ተጸዋዕነት ኣታሓባባሪ ኮሚቴ ፌዴራል ንዋና ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ ይኸውን፡፡

3. ኮሚቴ ፓርቲ ዞባ፣ ከተማ፣ ክፍለ ከተማ፣ ፍሉይ ወረዳ፣ ወረዳ/ ከተማን ቀበሌን ሓደ ደረጃ ሓፍ ኢሎም ንዝርከቡ ኣታሓባባሪ ኮሚቴታት እቲ ፓርቲ ተጸዋዕቲ ይኾኑ፡፡

4. ኣታሓባባሪ ኮሚቴ ፓርቲ ክልል፣ ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን እንተነኣስ በብወርሑ ሓደ ግዜ፣ ዞባ፣ ወረዳ/ፍሉይ ወረዳ፣ ከተማን ቀበሌን ብወርሒ ኽልተ ግዜ መደበኛ ኣኼባ ይገብሩ፡፡

5. በቢደረጅኡ ዝርከቡ ኣታሓባባሪ ኮሚቴታት እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዎም፡-
   ሀ) ኣብ ቐጠነኦም ስራሕቲ ፖለቲካን ውዳበን እቲ ፓርቲ ብላዕለዋይነት የተሓባብሩ፤
   ለ) ካብ ላዕለዎት ኣካላት እቲ ፓርቲ ዝመሓላለፉ ውሳነታትን መምርሕታትን ኣብ ተግባር የውዕሉ፣ ንዝርዝር እቲ ስራሕ ፕሮግራም ኣፈጻጽማ ኣውጺኦም ኣብ ስራሕ የውዕሉ፤
   ሐ) ብዛዕባ ንጥፈት ስራሕ ቐጺሉ ንዘሎ ኣታሓባባሪ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ሪፖርት የቕርቡ፤
   መ) በቢብርኩ ዝርከቡ ኮንፈረንስታት ፓርቲ ብዘቕምጥዎ

ኣንፈት፣ ጉባኤ እቲ ፓርቲ፣ ማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርትን ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርትን ዝህብዎ ኣመራርሓን ውሳነን ብዘኽበረ መልክዑ ተግባራዊ ምኧኖም ይከታተል፤

ሠ) ብደረጃ ሃገር ብዘለዉ መሓውራት ፓርቲ ዝዋሃቡ ኣመራርሓታት ኽምዘለዉ ኾይኖም፣ ኣብ ክልላውን ኽባቢያውን ጉዳያት ሓሳብ የመንጪ፡፡

6. ብመሰረት ኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ዘውጸኦ መምርሒ ቑጽሪ፣ ተዋጽኦን ምደባን ኣባላት ኣተሓባባሪ ኮሚቴ ፓርቲ ክልልን ኽባብን ይውስን፡፡

## *ዓንቀጽ ዕስራን ትሻዓተን - በቢብርኩ ዝርከቡ ጨንፈር ኣብያት ጽሕፈት ፓርቲ*

1. ኣብያተ ጽሕፈት እቲ ፓርቲ በቢደረጅኡ ማእኸል ፖለቲካ፣ ውዳበን ርክብ ህዝብን እቲ ፓርቲ ኾይኖም የገልግሉ፡፡

2. ተጸዋዕነት እቶም ኣብያተ ጽሕፈት ሓደ ደረጃ ሓፍ ኢሎም ንዝርከቡ ኣብያተ ጽሕፈት እቲ ፓርቲ ይኸውን፡፡

3. እቶም ኣብያተ ጽሕፈት ብሓባራዊ መደረኽ ኣመራርሓታት ፓርቲ ፌዴራልን ክልልን ወይድማ በቢብርኩ ዘለዉ ኣታሓባባርቲ ኮሚቴ ፓርቲ ዝስየሙ ሓለፍቲ ከከምኣድላይነቱ ድማ ምክትል ሓለፍቲ ክህልዎም ይኽእል፡፡

4. ኣብያተ ጽሕፈት እቲ ፓርቲ እዞም ዝስዕቡ ተግባራትን ሓላፍነታትን ይህልዉዎም፡-

ሀ) ናይ ክልል/ኣዲስ ኣበባን ድሬዳዋን/ ስራሕቲ ፖለቲካን ውዳበን እቲ ፓርቲ ይትልሙ፣ የፈጽሙ፣ ኣፈጻጽምኡ ይከታተሉ፤

ለ) ገንዘብ፣ ንብረትን ሰነዳትን እቲ ፓርቲ በላዕለዋይነት የመሓድሩ፣ ብጥንቃቐ ንክታሓዙን ብኣግባቡ ኣብ ግብሪ ንክውዕሉን ይገብሩ፤

ሐ) ውዳበ ኣባላት፣ ህንጸት ፖለቲካ፣ ርክብ ህዝብን ኻልኦት ተግባራትን ይፍጽሙ፤

መ) ብመሰረት እቲ ዋና ቤት ጽሕፈት ዝህቦ ኣንፈት ነቲ ፓርቲ ወኪሎም በቢደረጅኡ ምስ ሳልሳይ ወገን ርክብ ስራሕ ይገብሩ፤

ሠ) ብመሰረት እቲ ዋና ቤት ጽሕፈት ዝህቦ ኣንፈት ፕሮግራም፣ ኣንፈታት፣ ኣፈጻጽማ ስራሕን ትልምታትን እቲ ፓርቲ ብሚድያን ብመሳርሕታት ርክብ ህዝብን ኣቢሎም ንህዝቢ የላልዩ፤

ረ) ብመሰረት መምርሒ ምምሕዳር ሰብ ሓይሊ እቲ ፓርቲ ሰራሕተኛታት እቲ ቤት ጽሕፈት ይቖጽሩ፣ የማሓድሩ፣ የሰናብቱ፤

ሰ) በቢደረጅኡ ብዘለዉ ውዳበታት ፓርቲ ዝዋሃቡ ኻልኦት ተግባራት ይውግኑ፤

ሸ) እቶም ኣብያተ ጽሕፈት በቢግዚኡ ትልምን ሪፖርትን ኣዳልዮም በቢብርኩ ንዘለዉ ኣብያተ ጽሕፈት ፓርቲ ሪፖርት የቕርቡ፡፡

## ዓንቀጽ ሳላሳ - ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ፓርቲ ብልፅግና

1. ዋና ተልእኾ ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ፓርቲ ብልፅግና ኣብ ውሽጢ ፓርቲ ኾነ ኣብ ወጻኢ መሰላትን ፍትሓዊ ተረባሕነትን ደቂ-ኣንስትዮ ንክረጋገጽን ኢትዮጵያን ህዝብታታን ኹሉንተናዊ ብልጽግና ንኽረጋግጹ ደቂ-ኣንስትዮ ግደአን ንክዋጽኣ ንምኽኣል ብግንባር ቐደምትነት ምስራሕ እዩ፡፡

2. ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ተሳትፎን ተረባሕነትን ደቂ-ኣንስትዮ ንምትልባት መድረኽ ቓልስን ድምጽን ደቂ-ኣንስትዮ ኾይኑ የገልግል፡፡

3. ኣባላት ፓርቲ ብልጽግና ዝኾና ደቂ-ኣንስትዮ ኣባላት ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ፓርቲ ብልጽግና ምኺን ይኽእላ፡፡

4. ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ፓርቲ ብልጽግና ምስ መተሓዳደሪ ደንብን መምርሕታት ኣሰራርሓን ብዘይቃረን መልክዑ ናይ ባዕሉ መተሓዳዳሪ ደንብን መምርሕታት ኣሰራርሓን ይህልዎ፡፡

5. ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ፓርቲ ብልጽግና በቢብርኩ ምስዝርከቡ ውዳበታት ፓርቲ ተመዓራራይ መሓውራት ይህልዉዎ፡፡

6. በቢብርኩ ዝርከብ ኣመራርሓ ፓርቲ ብተመዓራራይነት ንዝርከብ ውዳበ ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ብልጽግና ናይ ቐረባ ኣመራርሓን ድጋፍን ክህብ ትጽቢት ይግበር፡፡

7. ካብ ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርቲ ወጻኢ በቢደረጅኡ ዝርከቡ ውዳበታት ኣመራርሓ ሓለፍትን ምክትል ሓለፍትን ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ፓርቲ ብልጽግና ኣብ ተመዓራራይ ኣኼባታት ውዳበታት ኣመራርሓ እቲ ፓርቲ ብዘይድምጺ ተሳታፊ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡
8. ጉባኤ ሊግ ደቂ-ኣንስትዮ ፌዴራል ምስ ዋና ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ ብምምኽኻር እቲ ሊግ ምስ ትካላዊ ማሓውራትን ኣካላት ኣመራርሓ እቲ ፓርትን ዝህልዉ ርክብ ስራሕ ብዝምልከት ረቂቕ መምርሒ ኣዳልዩ ንክጸድቕ ንማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ የቕርብ፡፡

## ዓንቀጽ ሳላሳን ሓደን - ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ብልጽግና

1. ቐንዲ ልኡኽቶ ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ብልፅግና ኹለንተናዊ ብልጽግና ኢትዮጵያን ህዝብታታን ንምርግጋጽ ካብ መናእሰይ ዝሕሎ ወሳኒ ግደ ንክዋጽኡ ንምኽኣልን ተሳትፎን ተረባሕነትን መናእሰይ ንምርግጋጽን ናይ ምትሕብባርን መሪሕነትን ግደ ምጭዋት እዩ፡፡

2. ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ተሳትፎን ተረባሕነትን መናእሰይ ንምጉልባት መድረኽ ቓልስን ድምጽን ደቂ-ኣንስትዮ ኾይኑ የገልግል፡፡

3. ዕድምኡ ካብ 14 ክሳብ 35 ዓመት ዝኾነ ኢትዮጵያዊ ዜጋ ኣባል ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ብልጽግና ምኻን ይኽእል፡፡ ዝርዝር ኣፈጻጽምኡ ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ብልጽግና ብዘውጽኦ መለክዕን መምርሒ ኣሰራርሓን ይወሰን፡፡

4. ዕድምኡ ካብ 18 ዓመት ብላዕሊ ዝኾነ ኣባል እቲ ሊግ ኣባል እቲ ፓርቲ ምኻን ይኽእል፡፡

5. ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ብልጽግና ምስ መተሓዳደሪ ደንብን መምርሕታት ኣሰራርሓን ብዘይቃረን መልክዑ ናይ ባዕሉ መተሓዳዳሪ ደንብን መምርሕታት ኣሰራርሓን ይህልዎ፡፡

6. ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ብልጽግና በቢብርኩ ምስዝርከቡ ውዳበታት ፓርቲ ተመዓራራይ መሓውራት ይህልዉዎ፡፡

7. በቢብርኩ ዝርከቡ ውዳበታት ኣመራርሓ ፓርቲ ብተመዓራራይነት ንዝርከብ ውዳበ ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ናይ ቐረባ ኣመራርሓን ድጋፍን ክህብ ትጽቢት ይግበር፡፡

8. ካብ ፈጻሚ ስራሕ እቲ ፓርቲ ወጻኢ በቢደረጅኡ ዝርከቡ ውዳበታት ኣመራርሓ ሓለፍትን ምክትል ሓለፍትን ሊግ መንእሰይ ፓርቲ ብልጽግና ኣብ ኣኼባታት ተመዓራራይ ውዳበታት ኣመራርሓ እቲ ፓርቲ ብዘይድምጺ ተሳታፊ ክኾኑ ይኽእሉ፡፡

9. ሙሉእ ኣባል እቲ ፓርቲ ዘይኾነ ኣባል ሊግ መናእሰይ ፓርቲ ብልጽግና ብመረጻ ንዝተሓዘ ቦታታት ስራሕ እቲ

ፓርቲ ክወዳደር ኣይኽእልን፤ ብፍሉይ ኹነታት ዝተዓደመ እንተዘይኾይኑ ኣብ ኣኼባታት ኣባላት ወይም ኣመራርሓ እቲ ፓርቲ ክሳተፍ ኣይኽእልን።

10. ጉባኤ ሊግ መናእሰይ ፌዴራል ምስ ዋና ቤት ጽሕፈት እቲ ፓርቲ ብምምኽኻር እቲ ሊግ ምስ ትካላዊ ማሓውራትን ኣካላት ኣመራርሓ እቲ ፓርቲ ዝህልው ርክብ ስራሕ ብዝምልከት ረቂቕ መምርሒ ኣዳልዩ ንክጸድቕ ንማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ የቕርብ።

# ምዕራፍ ሓሙሽተ

## V. ዝተፈላለዩ ድንጋገታት

### *ዓንቀጽ ሳላሳን ኽልተን - ዘመን ስልጣን*

1. ጸፍሒ ሓላፍነት ፕሬዝዳንትን ምክትል ፕሬዝዳንትታትን እቲ ፓርቲ 10 ዓመት ይኸውን፤ ዘመን ሓላፍነት ኻልኦት ኣመራርሓታት ብመሰረት ማእኸላይ ኮሚቴ ዘውጽኦ መምርሒ ይውሰን፡፡

2. ጸፍሒ ዕድመ ኣመራርሓታት 65 ዓመት ይኸውን፡፡

### *ዓንቀጽ ሳላሳን ሰለስተን - ፍልፍላት ፋይናንስ እቲ ፓርቲ*

ፍልፍላት ፋይናንስ እቲ ፓርቲ ካብ መዋጮ ኣባላት፣ ብመሰረት ሕጊ ሃገር ካብ ደገፍቲ እቲ ፓርቲ ኽምኡ'ውን ኻልኦት ሕጋዊ ፍልፍላትን ይኸውን፡፡

### *ዓንቀጽ ሳላሳን ኣርባዕተን - ስርዓት ኣሰራርሓ ሓይሊ ሰብ፣ ንብረት፣ ፋይናንስን መዛገብቲ ሕሳብን እቲ ፓርቲ*

1. ሓይሊ ሰብ፣ ፋይናንስን ንብረትን እቲ ፓርቲ ብመሰረት ማእኸላይ ኮሚቴ ዘውጸኦ መምርሒ ዝመሓደር ይኸውን፡፡

2. እቲ ፓርቲ ዝተማልኡን ትኽክለኛን መዛግብቲ ሕሳብ ይሕዝ፤ በቢዓመቱ ብናይ ውሽጥን ደገን ኦዲተር ምርመራ የካይድ፡፡

3. ኣብ ገንዘብን ንብረትን እቲ ፓርቲ ናይ ምውሳን ስልጣን ናይ ማእኸላይ ኮሚቴ ይኸውን፡፡

4. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (3) ዝተደንገገ ኸምዘሎ ኾይኑ ማእኸላይ ኮሚቴ ንኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ውክልና ክህብ ይኽእል፡፡

## *ዓንቀጽ ሳላሳን ሓሙሽተን- ኣብ ውሽጢ እቲ ፓርቲ ዝፍጠሩ ዘይምቅድዳዎት ዝፍትሕሉ ኣግባብ*

1. ኣብ ውሽጢ ኣካላት እቲ ፓርቲ ዝፍጠሩ ዘይምቅድዳዎት ኣብ ውሽጢ እዚ ደንቢ ብዝተደንገጉ ስርዓታት ኣሰራርሓ ክፍትሑ ይግባእ፡፡

2. ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ክፍታሕ እንተዘይተኽኢሉ ብመሰረት ሕጊ እታ ሃገርን ሕጊ ምርጫ፣ ምዝገባ ፓርቲታት ፖለቲካን ስነ-ምግባር ምርጫን ኻልኦት ሕግታትን ይፍታሕ፡፡

## *ዓንቀጽ ሳላሳን ሽዱሽተን - ስርዓት ምፍጣር ውህደት፣ ቅንጅት ወይድማ ግንባር እቲ ፓርቲ*

1. እቲ ፓርቲ ምስ ኻልኦት ፓርቲ ወይም ፓርትታት ውህደት ወይድማ ቅንጅት ወይድማ ግንባር ክፈጥር ይኽእል፡፡

2. ናይዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ተፈጻሚ ዝኸውን በመሰረት ኣዋጅ ምርጫ፣ ምዝገባ ፓርትታት ፖለቲካን ስነ-ምግባር ምርጫን ኢትዮጵያ ምኺኑ ማእኸላይ ኮሚቴ የረጋግጽ፡፡

3. ማእኸላይ ኮሚቴ ብመሰረት ኣዋጅ ምርጫ፣ ምዝገባን ፓርትታት ፖለቲካን ስነ-ምግባር ምርጫን ኢትዮጵያ ምኸኑ ምስኣረጋገጸን እቲ ውህደት ወይድማ ቅንጅት ወይድማ ግንባር ናይ ምፍጣር ውሳነ ሓሳብ ምስተቐበሎን ንጉባኤ ፓርቲ ኣቕሪቡ የጽድቕ።

*ዓንቀጽ ሳላሳን ሸውዓተን - ምፍራስ እቲ ፓርቲ*

ጉባኤ ፓርቲ እንተነኣሰ ብሰለስተ ኢድ (3/4) ድምጺ እቲ ፓርቲ ክፈርስ ክውስን ይኽእል።

*ዓንቀጽ ሳላሳን ሸሞንተን - ኣማኻሪ ጉባኤ መማኽርቲ (Think tank) እቲ ፓርቲ*

1. እቲ ፓርቲ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራውን ኢኮኖሚያውን ዕላማታቱ ንምዕዋት ዝተፈላለየ ኽእለት ዘለዎም ምሁራንን ፍሉጣት ግለሰባትን ዝሓቖፈ መማክርት ጉባኤ (Think Tank) እቲ ፓርቲ ብዋና ቤት ጽሕፈት ክጣየሽ ይኽእል።

2. ናይዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ዝተደንገገ ኽምዘሎ ኾይኑ ብኣቕራብነት ጨንፈር ቤት ጽሕፈት ፓርቲ ክልል መማክርት ጉባኤ ኣታሓባባሪ ኮሚቴታት ክልል ክጣይሹ ይኽእሉ።

## ዓንቀጽ ሳላሳን ትሽዓተን - ልዕልና መተሓዳደሪ ደንቢ እቲ ፓርቲ

1. እቲ መተሓዳደሪ ደንቢ ላዕለዋይ ሕጊ እቲ ፓርቲ ስለዝኾነ ኣብ ልዕሊ ኣባላትን ኣመራርሓታትን እቲ ፓርቲ ኣገዳድነት ኣለዎ፡፡

2. ኣብ ማእኸል እቲ መተሓዳደሪ ደንብን ኻልኦት ሰነዳት እቲ ፓርትን ጎንጺ እንተጋጥም ድንጋገታት እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ልዕልና ይህልዎም፡፡

## ዓንቀጽ ኣርባዓ - መምርሒ ናይ ምውጻእ ስልጣን

በመሰረት እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ንዝተፈላለዩ ኣካላት ዝተውሃበ ስልጣን ኽምዘሎ ኾይኑ ማእኸላይ ኮሚቴ እቲ ፓርቲ ነዚ ደንቢ ኣብ ግብሪ ንምውዓል ዝሕግዙ መምርሕታት ከውጽእ ይኽእል፡፡

## ዓንቀጽ ኣርባዓን ሓደን - ብዛዕባ ምምሕያሽ፣ ምቕያርን ምስራዝን እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ

1. ነዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ከማሓይሽ፣ ክቕይርን ክስርዝን ዝኽእል ጉባኤ እቲ ፓርቲ ጥራሕ እዩ፡፡

2. ናይዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (1) ዝተደንገገ ኽምዘሎ ኾይኑ መመሓየሺ ሓሳብ እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ክቐርብ ዝኽእል፡-
   ሀ) ብፕሬዝዳንት፤ ወይድማ
   ለ) ብማእኸላይ ኮሚቴ ሲሶ (1/3) ድጋፍ ድምጺ እንትረክብ፤ ወይድማ
   ሐ) ብኮሚቴ ፈጻሚ ስራሕ ኣብዝሓ ድጋፍ ድምጺ እንትረክብ፤ ወይድማ

መ) ብኣባላት ኮሚሽን ኢንስፔክሽንን ስነ-ምግባርን ሓደ ኢድ (1/2) ድጋፍ ድምጺ እንትረክብ እዩ፡፡

3. በዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (2) ዝቐረበ ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ንጉባኤ ፓርቲ ክቐርብ ዝኽእል ብማእኸላይ ኮሚቴ ብኣብዝሓ ድምጺ ድጋፍ እንተረኺቡ እዩ፡፡

4. ብመሰረት እዚ ዓንቀጽ ንኡስ ዓንቀጽ (3) ነቲ ብማእኸላይ ኮሚቴ ዝቐረበ ናይ መመሓየሺ ሓሳብ ጉባኤ እቲ ፓርቲ ብኣብዛሓ ድምጺ እንተወሲኑ እቲ መተሓዳደሪ ደንቢ ይመሓየሽ፡፡

## *ዓንቀጽ ኣርባዓን ኽልተን - እቲ መተሓዳደሪ ደንቢ ዝጸንዐሉ ኹነታት*

እዚ መተሓዳደሪ ደንቢ ብቐዳማይ ጉባኤ ፓርቲ ብልፅግና ካብ ዝጸደቐሉ መጋቢት 3/2014 ዓ/ም ጀሚሩ ዝጸነዐ ይኸውን፡፡

*መጋቢት 2014 ዓ/ም*
*ፓርቲ ብልፅግና (ብልፅግና)*